ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.271 ሰሉስ 14 ሓምለ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ምውሓድ ናብ ልቢ ዝበጽሕ ዓቐን ኦክስጅን

ገጽ 5
ብእወታዊ ሓሳባት ምግጫብ

ገጽ 7
ምልክታ

ገጽ 9
ብዛዕባ ፍርሒ


# ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ጀርመን፡ ብውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ተኻዪዱ




ብ11 ሓምለ ብኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ፍስሓጼን ጴጥሮስ ዝተኸፍተ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ጀርመን፡ ኣብ ፍራንክፈርት ብውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ተኻዪዱ።

ኣብዚ ንክልተ መዓልታት ዝቐጸለ ምዕሩግ ሃገራዊ ምትእኽኻብ፡ ካብ መላእ ጀርመንን ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳን ዝመጽኡ ኤርትራውያን ከምኡ'ውን ዕድመ ዝተዓደምቶም ወጻእተኛታት ዝተረኽብሉ ዓመታዊ ሃገራዊ ምትእኽኻብ፡ ኮማዊ ዳንስ፡ ባህላዊ መሰናድኣታት፡ ዘተ መንእሰያት፡ ስፖርታዊ መደባት፡ ሰሚናር፡ ቀሽት ህጻናትን ካልእን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣቦመንበር ማሕበረኮማት ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ የውሃንስ ርእሶም፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ የውሃንስ ወልዱ፡ ሓላፊ ህዝብውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ጠዓመ ሃይሉ፡ ከምኡ'ውን ኣቦመንበር ሽማግለ በዓላት ኣቶ ሓድሽ ጎይትኦም ኣብ ዘስምዕዎ ቃል፡ ንተራ ፈስቲቫል ኣብ ጥምረት ዜጋታትን ምድልዳል ሃገራዊ ሓድነትን ምሽሳዅስን ምዕቃብን ባህልን መንነትን ከምኡ'ውን ምውርራስ ታሪኽን ተሳትፎ ዜጋታት ኣብ ሃገራዊ መደባትን ገሊጾም።

ንሳቶም ኣሰዒቦም፡ ንዓወት ናይዚ ፈስቲቫል ኣበርክቶ ንዝገበሩ ዜጋታት ብሓፈሻ፡ ንደቀኣንስትዮ ድማ ብፍላይ መጒሶም።

ኣምባሳደር ፍስሓጼን ጴጥሮስ ኣብ ዘቐረቦ ሰሚናር፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገር ብመግለጺ ዞባውን ዓለምለኻውን ምዕባሌታት ድሕሪ ምብራሁ፡ ተራ ማሕበረኮማት ኣብ ሃገራዊ መደባት ንምዕዛዝ ክሰርሑ ጸዊዑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብምኽንያት ፈስቲቫል ኣብ ዝተወደበ ውድድር ስፖርታዊ ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።

ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል፡ ካብ ኤርትራ ብዝኸደት - ህቡብት ድምጻውያንን መዚቀኛታትን ዝሓቖፈት ጉጅለ ባህሊ ብዝቐረብዎ መደብ ደሚቑ ነይሩ።

# ውጽኢት ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ ተነጊሩ

ውጽኢት ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ (ማትሪክ) ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026፡ ብ12 ሓምለ ብወግዒ ተነጊሩ።

ኣብ ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን - ዳይረክተር ማእከል ፈተና ዶ/ር ብስራት ገብሩ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ፈተና ካብ ዝወሰዱ 21,561 ተመሃሮ እቶም 4,831 ማለት 22.4 ሚእታዊት ንዲግሪን ዲፕሎማን ከምዝሓለፉ፣ ብጾታ ክርአ እንከሎ ድማ ተቐራራቢ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ዝሓለፉ ተመሃሮ፡ ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን ብዘውጽኦ መምርሒ መሰረት ናብ ዝምልከቶም ኮሌጅ ከምዝዝርግሑ ብምሕባር፡ ናይ ኮሌጅ ኣመሃህራን ኣካይዳን ካብቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ ዝተፈልየ ስለዝኾነ፡ ብጽንዓት ክዳለዉሉን ብዝለዓለ ክፅዕሩን ተላብዩ።

ዶ/ር ብስራት ኣስዒቡ፡ ኣብዚ ፈተና ዘይተዓወቱ ደማሚ ናይ ምፍታን ዕድሎም ክፉት ስለዝኾነ፡ ተስፋ ከይቆረጹ ከጽንዑን ክዳለዉን ኣዘኻኺሩ።

ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ ማለት ማትሪክ ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026፡ ካብ 16 ክሳብ 22 መጋቢት ኣብ ወሸጢ ሃገር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጅዳን ሪያድን - ስዑድያ ብጠቕላላ ኣብ 17 ነቑጣታት'ዩ ተዋሂቡ።

ካብ ተፈተንቲ እቶም 89.3 ሚእታዊት ብስሩዕ ክመሃሩ ዝጸንሑ፡ 10.7 ሚእታዊት ድማ ደግማይ ዝተፈተኑ ኮይኖም፡ ልዕሊ 48 ሚእታዊት ደቀኣንስትዮ ነይሮን።

ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ካብ ዝተፈተኑ 24,092 ተመሃሮ፡ መጠን ምሕላፍ 19.8 ሚእታዊት ከምዝነበረ፡ ሰነዳት ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን የረድኡ።



ስእሊ-ሙሴ ኪዳን

# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣሚር ቐጠር ነበር ናይ ሓዘን መልእኽቲ ሰዲዱ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣሚር ቐጠር ነበር ሼኽ ሓመድ ቢን ኸሊፋ ኣልሳኒ ናይ ሓዘን መልእኽቲ ሰዲዱ።



ናብ ኣሚር ቐጠር ሼኽ ተሚም ቢን ሓመድ ቢን ኸሊፋ ኣልሳኒ ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን ዝገለጸ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንስድራቤት ኣሚርን ህዝቢ ቐጠርን "ጽንዓት ይሃብኩም" ኢሉ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መልእኽቱ፡ ነፍሱሄር ሼኽ ሓመድ ቢን ኸሊፋ ኣልሳኒ፡ ሕውነታዊ ዝምድና ኤርትራን ቐጠርን ኣብ ምድልዳል ንዝተጻወቶ ተራ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ንሰናይ ክልቲኡ ህዝብታት ብዝበለጸ ክምዝምዕብል ዘለዎ ምጽኣት ገሊጹ።

# ኮሎኔል ማእከለ ወልደስላሴ (ሸባ) ተሰዊኡ

ኣባል ሚኒስትሪ ምክልኻል እዚ ህዝባዊ ሰራዊት - ጉዳም ተጋዳላይ ኮሎኔል ማእከለ ወልደስላሴ ኣርኣያ (ሸባ)፡ ብ12 ሓምለ ኣብ መበል 74 ዓመት ዕድሜኡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ 1974 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ማእከለ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ - ኣብ ክፍሊ ታዕሊምን ተዋጋኢ ሰራዊትን ክሳብ ብደረጃ ኣዛዚ ቦጦሎኒ፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ወተሃደራዊ ቤት-ፍርዲ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ብደረጃ ኣዛዚ ብርጌድ፡ ሓለቓ ስታፍ ክፍለሰራዊትን ኣዛዚ ክፍለሰራዊትን፣ ካብ ሰነ 2019 ክሳብ ዕለተ ማስዋእቱ ድማ ኣብ እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ተመዲቡ፡ ንሃገሩን ህዝቡን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ ኮሎኔል ማእከለ ወልደስላሴ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ሸድሽተ ደቅን'ዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ሎሚ 14 ሓምለ ፍርቂ-መዓልቲ ኣብ መካነመቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ክፍጸም'ዩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል እዚ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብማስዋእቲ ኮሎኔል ማእከለ ወልደስላሴ ኣርኣያ (ሸባ) ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱን መቓልስቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

ዜና

# ጋሽ-ባርካ - ብጂኦግራፊያዊ ሓበሬታ ዝሰልጠኑ ሰራሕተኛታት ተመረቑ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ስርዓተ ሓበሬታን ኣገባብ ምምዝጋብ ሰነዳትን ንምጽፋፍ ዝሓገዝ ጻዕሪ ንምዕዋት ብዓውዲ ጂኦግራፊያዊ ሓበሬታ (GIS) ክሰልጥኑ ዝጸንሑ 28 ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ብ10 ሓምለ ኣብ ባረንቱ ተመረቑ።

ኣብ'ዚ ንኽልተ ሰሙን ዝቐጸለ ስልጠና ዝተሳተፉ፡ ካብ ምምሕዳር ዞባ፡ ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን፡ ብዓል-መዚ መጉዓዝያ ምድሪ፡ ጨንፈር ሃብቲ ባሕሪ፡ ባህልን ስፖርትን፡ ኣገልግሎት ማይ፡ ከምኡ'ውን ጨናፍር ሚኒስትሪታት ጥዕናን ትምህርትን ዝተዋጽኡ'ዮም።

ኣሰልጠንቲ፡ ንኣገዳስነት ጂኦግራፊያዊ ሓበሬታ ኣብ ኣድማዕነት ትግባረ ዘውጠን መደባት ብምጥቃስ፡ ብዝለዓለ ክሰርሓሉ ተላብዮም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ኣብ ዝሃቦ መዘዝሚ ቃል፡ ሰልጠንቲ ዝቐሰምዎ ዓውዲ እዋናዊ ኣገዳስነት ከምዘለዎ ብምሕባር፡ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ብዛዕባ ዝሓገዝ ንጥፈታት ውርጹጽ ሓበሬታ ንምእካብ ክድፋኣሉ ምዃኑ ኣረዲኡ።



## ቃል ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ስነ-ስርዓት መመረቕታ መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን! ተመረቕቲ 38 ዙርያ፣ ወለድን መማህራንን ኣለይትን - የሃና!



ቅድሚ ናብዚ ሓጾር መልእኽቲ ምስጋረይ፡ ሰለ'ቲ መሳጢ፡ ቀስቃሲ፡ ድርዒ፡ ሞራል፡ ማሳናድኣኹም ልዑል ምስጋና። ኣኾዕ! ኣኾዕ! ኣኾዕ!

እዛ ዕዝዝቲ ማሕላኹም እትእውጁላ ዕለት፡ ኣጉዳሲት መድረኽ ኣብ ህይወትኩም እያ። ወጽኢት ፈተናታት ብዘየገድስ፡ ኣካዳምያዊ ጉዕዞ ብዙሓየለ ድርኺት ክቕጽል ስለዘለዎ፡ ቀዳምነታትኩምን ኣተኩሮኹምን ዓይነታዊ ፍልጠት ኣብ ምድላብኩ ብዝያስልኪ ስራሕን ተመኩሮን ማዝዙትን ኣፍራይነት ፍልጠትኩም ኣብ ምዕባይን ክኸውን ግቡእ እዩ።

ተቦኽታትኩም፡ ኣብ ናይ ኑብሸኹም መጻኢ ዕብየትን ኣብ ቅሳነትን ራህዋን ቤተሰብን ሃገርን ዝህሉዎ ዕዙዝ ኣበርክቶ ምግንዛብ ከቢድ ሕልናዊ ሓላፍነት ዘለዎም እዩ። ሰድራን ቤተሰብን ሚኒስትሪ ትምህርቲን ብፍሉይ፡ ኣብ ኣካዳምያዊ ጉዕዞኹም ዝግዕእ ምክትታልን ደገፍን ክዝብሩ ከኣ ምዘኽኻር ዘድልዩ ግድነት እዩ።

ኣብ እተኻይደዎ ዘይሕለል ትግሃት፡ ዓወት ክትጎናጸፉ፡ ሰድራን ሕብረተሰብን መማህራንን ኣለይትን እውን፡ ኣብ ዝህቡዎ ደገፍ ኣሳልጦን ሰናይ ምጽዋትን።

ዘላለማዊ ዝኽሪ ሓበን ንሰማእታትና!
ዓወት ንሓፋሽ!

# ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃ ኣስመራ፡ ንሰለስተ ዓመታት ዘሰልጠነቶም ተመሃሮ ኣመረቐት

ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃ ኣስመራ፡ ንሰለስተ ዓመታት ብክልሱ-ሓሳብን ግብርን ዘሰልጠነቶም 14 ተመሃሮ፡ ብ11 ሓምለ ብሰርቲፊኬት ኣመረቐት።

ተመረቕቲ፡ ብሸሞንተ ዓይነት መሳርሒታት ሙዚቃ ማለት ፒያኖ፡ ጊታር፡ ሳክሶፎን፡ ቫዮሊን፡ ድራም፡ ፍሉት፡ ትራምፔትን ቤዝጊታርን እዮም ትምህርቶም ተኸታቲሎም።

ዳይረክተር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ኤልያስ ወልደዝብርኤል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሙዚቃ ጸላውን ኣድማዕን መሳርሒ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ጸላታት ምዃኑ ብምግላጽ፡ በዚ ዓውዲ ዝተመልመሉ ዜጋታት ኣብ ዳግመ-ህንጻ ሃገር እጃሞም ክበርክቱ ትጽበት ከሉ ኣካል ከምዘለዎ ኣረዲኡ።

ቴክኖሎጂ ከም ኣብ ኩሉ ዓውዲ፡ ኣብ ሙዚቃ'ውን መሳርሒ ጥራይ ዘይኮነ ተወዳዳሪ ኮይኑ ምህላው ዝጠቐሰ መምህር ኤልያስ፡ ሰብ ሰርሓ ብልሒ ንወዲ-ሰብ ክስዕር ዝኣለ ወፍርን ዓቕምን ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ሰልጠንቲ ፈጠራዊ ዓቕሞም ከበርኽቱን ብቐዕ ፍርያት ንምቕራብ ኣብ ቀጻሊ ጻዕሪ ክጽመዱን ምዒዱ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ





ስእሊ.-ሮበል መረሰዕ

ምርግጋጽ ብቕዓት ኣቶ መሻሽ ጉብረትንሳኤ ብወገኑ፡ ትምህርቲ ሙዚቃ ብበህሪኡ ዓቕሊ፡ ተጻዋርነት፡ ትኩርነትን ተገዳስነትን፡ ከምኡ'ውን ሱምግር ዝሓትት ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ከም መጠቐሲ ብምውሳድ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ከበርኽዎ ተማሕጺኑ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ዓመት ናይ ሙዚቃ ትምህርቶም ካብ ዝኸታተሉ ዘለዉ ተመሃሮ፡ ኣብ ወጽኢት ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ጹብሉል ንዘበሉ ሽልማት ተዓዲሉ።

ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃ ኣስመራ ኣብ 1979 ኣብ ሜዳ ዝተመስረተት ኮይና፡ ኣብ 1994 ዳግም ኣብ ኣስመራ ንጥፈታታ ከምዝቐጸለት ሰነዳታ የጽርኡ።

## ሰ/ቀ/ባሕሪ - መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ላዓይተን፡ ጽገና ትሕተ-ቅርጺ ይካየደላ'ሎ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቱ ብምውህሃድ፡ ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ላዓይተን ብልዕሊ 700 ሽሕ ናቕፋ ምሉእ ጽገና ትሕተ-ቅርጺ የካይድ ኣሎ።

እቲ ካብ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ ሰነ ዝጀመረ ሓፈሻዊ ናይ ጽገና ስራሕ፡ ምቕያር ዘንክታት፡ ጽገና መናድቕ፡ ከምኡ'ውን ምዕራይ መዓጹን መሳኸቲን ከምዝጠቓልል፡ ርእሰ-መምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ኢብራሂም ኣሕመዲን ገሊጹ።

እቲ ብክኢላታት ህንጻዊ ልምዓት ተጸኒዑ ዝቐረበ ዘሎ መስርሕ ጽገና፡ ኣብ መስርሕ መምሃርን ምስትምሃርን ኪጋጥም ንዝጸንሐ ብደሃያት ከምዝቃልል ብምጥቃስ፡ ነቲ ንዝጉበርዎ ዘለዉ ጉልበታዊ ሓገዝ መጒሱ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ላዓይተን ኣቶ ሳልሕ ስሌማን ብወገኑ፡ እቲ ስራሕ ኣብ ዝተወጠኖ ግዜ ንኽዛዘም ተሳትፎኦም ብዝሓየለ ከምዝቐጽልዎ ኣረጋጊጹ።

ኣብ 1992/93 ተሃኒጻ ብመባእታ ስርሓ ዝጀመረት፣ ኣብ 2017 ድማ ናብ ማእከላይ ደረጃ ዝተሰጋገረት ቤት-ትምህርቲ ላዓይተን፡ ሎሚ ዓመት 49 ማእታዊት ደቀኣንስትዮ ንዝርከብኦም ልዕሊ 900 ተመሃሮ ስሩዕ ኣገልግሎት ትህብ ኣላ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዶክመንታሪ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 14:25 | ዶክመንታሪ |
| 15:55 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:25 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ (ድግማ) |
| 18:25 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ሕዋሪት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምውሓድ ናብ ልቢ ዝበጽሕ ዓቐን ኦክስጅን

ምውሓድ ናብ ልቢ ዝበጽሕ ዓቐን ኦክስጅን ‘ኣንጂና’ (Angina) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። ወጽእን ኢታውን ዝኾነ ቃንዛን ዘይምቹእነትን ኣብ ኣፍ-ልቢ ዝፈጥር ምልክታት እዩ ኣለዎ። ሓደ ካብ ጠንቂ ወቐዒ ልቢ ኮይኑ’ውን ይጥቀስ እዩ። እዚ ጥዕናዊ ጸገም’ዚ ቅልጡፍ ዝኾነ ሕክምናዊ ሓገዝ ዝሓትት እዩ።

### ኣርባዕተ ዓይነት ‘ኣንጂና’ እየም ዘለዉ፦

- **መጠነኛ ንጹር ዝኾነ ‘ኣንጂና’ (Stable angina):-** እዚ በቲ ኣቐዲምካ ትግምቶ፡ ብእተካየዱ ንጥፈታት ዝመጽእን ዝኸይድን ‘ኣንጂና’ ኮይኑ፡ ከይዲ ናይቲ ቃንዛ ክሳብ 5 ደቒቕ ወይ ትሕቲኡ ዝጸንሕ እዩ። እቲ ዝፈጥሮ ቃንዛ ከሉ ግዜ ሓደ ዓይነት እዩ። እቲ ቃንዛ ዝወሰኸ ወይ ኣቐዲሙ ዝመጽእ ኣይኮነን። እኹል ዕረፍቲ ምርካብ ነቲ ዝፍጠር ቃንዛ ንምእላይ ሓጊዚ እዩ።
- **ዘይርጉእ ‘ኣንጂና’ (Unstable angina):-** እዚ ዓይነት ‘ኣንጂና’ ኣቐዲሙ ዝኾነ መጠንቀቕታ ከይሃበ እዩ ዝኸስት። ንሱ ዘቢጋዕ ንጹር ጠንቂ’ውን የብሉን። ዋላ ኣብ ጸቡቕ ዕረፍቲ እንከለኻ እዩ ዝፍጠር። ከይዲ ናይቲ ቃንዛ ክሳብ 15 ደቃይቕ ወይ ልዕሊኡ ክጸንሕ ይኽእል። እቲ ቃንዛ ካብቲ ካልእ ዘይተኸእል ኣዝዩ ዝተፈላለየ ኮይኑ ዘይምቹእነትን ቃንዛን ብፍላይ ኣብ ኣፍ-ልቢ ይፈጥር። ብዙሕ ግዜ ዕረፍቲ ምርካብ ይኹን መድሃኒት ምውሳድ ነቲ ቃንዛ ከህድኦ ኣይርአን እዩ።
- **ንኡስ-ሻምብቆኣዊ ‘ኣንጂና’ (Microvascular angina):-** እዚ ዓይነት ‘ኣንጂና’ ነዊሕ ኣብ እንካዓዝ ወይ ወጥሪ ኣብ ዘጋጠና እዋን ዝርአ ኮይኑ፡ ቃንዛኡ ልዕሊ 15 ደቃይቕ ክጸንሕ ይኽእል።
- **‘ፕሪንዝመታል ኣንጂና’ (Prinzmetal angina):-** እዚ ደቂስካ ወይ ኣብ ዕረፍቲ እንከለኻ ብዘይተፈልጠ መጠን ሃንደበት ዝርአ ቃንዛ እዩ። ከይዲ ናይቲ ቃንዛ ካብ 5 ክሳብ 15 ደቃይቕ ክጸንሕ ይኽእል።

እቲ ቀንዲ ኣገባብ ፍወሳ ‘ኣንጂና’ ግቡእ ሕክምናዊ መርመራ ብምክያድ፡ ጠንቁ ኣለሊኻ ዝግበር እዩ። ከምዚ ዓይነት ጸገም ዘለዎም ሰባት ቀጻሊ ጽሩዕ ዝኾነ ናይ ልቢ መርመራ ክካየዱ እዩ ዝምከር።



### ‘ኣንጂና’ ዝፈጥሮ ስምዒት ከመይ ዝበለ እዩ፧

መብዛሕትኦም ግዳያት ‘ኣንጂና’፡ ጸቕጢን ቃንዛን ኣብ ኣፍ-ልቢ ከም ዝስምዖም እዮም ዝገልጹ። ከም ዓይነቱ እቲ ቃንዛ ፈኲስን ከቢድን ክኸውን ይኽእል። መብዛሕትኡ እዋን እቲ ዝፈጥሮ ዘይምቹእነት፡ ንምግላጹ ዘሸግር ዘይልሙድ ቃንዛ እዩ።

- ምጽቃጥ፡
- ምእሳር፡
- ምሽምቃቕ፡
- ምቕንጣው፡
- ምቅጻል፡
- ቃሓር ወዘተ ግዳያት ‘ኣንጂና’ ዘርእይዎ ስምዒትት እየም።

እዞም ዓይነት ስምዒታት’ዚኦም ካብ ኣፍ-ልቢ ሓሊፎም፡ ናብ መንጋጋ፡ ኣስናን፡ ክሳድን መንኩብን ክዝርግሑ ይኽእሉ።

### ምስ ‘ኣንጂና’ ተኣሳሲሮም ዝመጽኡ ምልክታት

- ምሕር ረሃጽ፡
- ጸርወርው ምባል፡
- ምሕር ድኻም፡
- መኻሕተቲ ከስዐ፡
- ዕግርግርን ተምላሰን፡
- ዘይንቡር መቐረት ኣብ ኣፍ፡
- ትንፋስካ ክትወጽእ ናይ ምድላይ ስምዒት ምርኣይ።

### መጠን ‘ኣንጂና’ ብደረጃ ክብደቱ

ሰብ ሞያ ጥዕና ‘ኣንጂና’ ዘርእዮ ምልክታት ብኽብደቱ ኣብ ኣርባዕተ ደረጃ መቒሎሞ ይርከቡ።

1 - ካብ ንቡር ንላዕሊ ዕለታዊ ንጥፈታት ወይ ጻዕቂ ስራሕን ምውሳዋስ ኣካላትን ብምክያድ ዝፍጠር ‘ኣንጂና’ ኮይኑ፡ ክብደቱ ብዙሕ ኣሸጋሪ ኮይኑ ኣይጥቀስን እዩ።

2 - ቅልጥፍ-ቅልጥፍ ኢልካ ብእግሪ ብምጉዓዝ ወይ ብጉያ ንነዊሕ መሳልል ብምድያብ ተኣሳሲሩ ዝመጽእ ‘ኣንጂና’ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተሰሪዑ ዝርከብ እዩ። ልዑል መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ብዙሕ መግቢ ድሕሪ ምብላዕ ኣብ እተካየደ ምንቅስቓስ ዝርአ ‘ኣንጂና’ እውን ምስዚ ደረጃ እዩ ዝጽብጸብ። ንምሕር ዛሕሊን ህቦብላን ምቅላዕ’ውን ጠንቂ ‘ኣንጂና’ ኮይኑ ይጥቀስ እዩ። ሃንደበት ተርእዮ ከም ስንባደ ዝኣመሰለ ባህሪ ‘ኣንጂና’ ከስዕብ ይኽእል እዩ።

3 - ነዊሕ ከይሰጎምካ ብእተካየደ ናይ ሓጺር ርሕቀት ጉዕዞ ተቶሚዱ ዝመጽእ ‘ኣንጂና’ ምህላዉ’ውን ኣይትዘንግዑ። እዚ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ዝስራዕ እዩ።

4 - ዝኾነ ዓይነት ምንቅስቓስ ጥራይ ዘይገብር ዋላ ኣብ ዕረፍቲ እንከለኻ ‘ኣንጂና’ ኬጋጥመና ይኽእል እዩ።

### ጠንቂ ‘ኣንጂና’ ዝኾኑ ጥዕናዊ ጸገማት

‘ኣንጂና’ ብኦክስጅን ዝሃብተመ ደም ናብ ልቢ ክበጽሕ ብዘይ ምኽኣሉ ዝፍጠር ጥዕናዊ ጸገም ክሳብ ዝኾነ፡ ምስ ጥዕና ልብን ሻምብቆታት ደምን ተኣሳሲሮም ዝኸስቱ ጥዕናዊ ጸገማት ጠንቂ ናይዚ ሕማም ክኾኑ ይኽእሉ እየም። ልቢ እኹል ደም ክትረክብ ከም ዘይትኽእል ክገብሩ ካብ ዝኽእሉ ጸገማት፦

- **ሕማም ናይ ልቢ ኣርተሪ (Coronary artery disease):-** እዚ ዝለዓለ ጠንቂ ‘ኣንጂና’ ኮይኑ ዝጥቀስ ጸገም ናይ ልቢ እዩ። ኣብ ሻምብቆታት ኣርተሪ ዘይተደልየ ቀጻሊታት ብምልጣፉ፡ ብዘዮዮእ እናተማጠጠ እኹል ደም ከውሕዝ ብዘይምኽኣሉ ዝፍጠር ጥዕናዊ ጸገም እዩ።
- **ጸገም ኣብ ነኣሽቱ ሻምብቆታት ደም (Coronary microvascular disease):-** ልቢ ሓንቲ ብዙሕ ጭዋዳታት ካብ ዘለዋ ኣካላት ሰብነትና ሓንቲ እያ። ብሓያሎ ነኣሽቱ ሻምብቆታት ደም ዝቖመት’ውን እያ። እዞም ነኣሽቱ ሻምብቆታት ደም ምስ ዝጸንዉ ወይ ዝጉድኡ ደም ብዘዮዮእ ከመሓላልፉ ስለ ዘይክእሉ፡ ጠንቂ ‘ኣንጂና’ ኮይኑ ይጥቀስ እዩ።
- **ምሽምቓቕ ናይ ልቢ ኣርተሪ (Coronary artery spasm):-** እዚ፡ ብሰንኪ ምድካም ጭዋዳታት ልቢ፡ ናይ ልቢ ኣርተሪ ብዘዮዮእ ክኽፈትን ክጸብብን ብዘይ ምኽኣሉ ዝፍጠር ጸገም እዩ። ጠንቂ ‘ኣንጂና’ ኮይኑ ድማ ይጥቀስ።

### ን‘ኣንጂና’ ተኣፈፍቲ ዝኾኑ

- ምድፋእ ዕድመ - ደቂ ተባዕትዮ ልዕሊ 45 ዓመት፡ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ልዕሊ 55 ዓመት ምስ ኣቑጸሩ ብ‘ኣንጂና’ ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎ እናሰፍሐ እዩ ዝኸይድ።
- ሕዱር ሕማም ልቢ ዘለዎም፦ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ሕማም ሽኮር፡ ልዑል ኮሌስትሮል፡ ግዙእ ኣልኮላዊ መስተን ኣወሰፍቲ ቀመማትን ከሰየትን ልዕሊ ንቡር ክብደትን ዘለዎም ሰባት ን‘ኣንጂና’ ዝያዳ ተኣፈፍቲ እዮም።
- ግዳያት ሕማም ኣየሚያ፦ ብሕማም ኣነምያ ዝተጠቕዑ ሰባት፡ ኦክስጅን ክሽከሙ ዝኽእሉ እኹላት ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ስለ ዘይብሎም፡ ብ‘ኣንጂና’ ዝያዳ ተጠቃዕቲ እዮም።

ምንጪ፦ clevelandclinic




## ረኽሲ እዝኒ

ኣብ ውሽጣዊ ኣእዛንና ጸቡቕ ምስ ዘይስምዓና፡ ጸቕጢ ምስ ዝዝብረልና፡ ወይ’ውን ናይ ምስማዕ ዓቕምና ክጎድል ምስ ዝስምዓና፡ ረኽሲ እዝኒ ኣጋጢሙና ክኸውን ይኽእል እዩ።

ረኽሲ እዝኒ ብባክተርያ ወይ ብቫይረስ ዝበጽሕ ክኸውን ይኽእል። እቲ ረኽሲ ከም ልሙድ ኣብ ማእከላይ ክፋል ናይ እዝኒ፡ ድሕሪ ከበሮ እዝኒ እዩ ዘጋጥም። ሓላሊፉ ኣብ ውሽጣዊ ወይ ደገኣዊ ክፋል ናይ እዝኒ ክርአ ይኽእል እዩ። ረኽሲ እዝኒ መብዛሕትኡ ግዜ ባዕሉ ዝሓዊ’ኳ ይኹን’ምበር፡ ብሰንኪ ዝፈጥሮ ምጉሊ ኣዝዩ ኣቓንዛውን ኣቃጻልን ስምዒት እዩ ዘለዎ።

ረኽሲ እዝኒ ሱር ዝሰደደ (chronic) ወይ ከቢድ (acute) ክኸውን ይኽእል እዩ። ከቢድ ተባሂሉ ዝግለጽ ረኽሲ እዝኒ፡ ኣዝዩ ኣቓንዛዊ ኮይኑ ግን ንሓጺር ግዜ እዩ ዝጸንሕ። ሱር ዝሰደደ ወይ ሕዱር ተባሂሉ ዝግለጽ ረኽሲ እዝኒ፡ ምሉእ ብምሉእ ዝጠፍእ ኮይኑ ተደጋጋሚ ክንክንን ፍወሳን የድልዮ። በዚ ምኽንያት፡ ምስ ግዜ ኣብ እዝኒ ነባሪ ጉድኣት ከስዕብ ይኽእል።

### ምልክታት ረኽሲ እዝኒ

እቶም ልሙዳት ምልክታት ረኽሲ እዝኒ፦

- ቃናዛ እዝኒ፡
- ዘይምቹእነት ስምዒት ኣብ ውሽጢ እዝኒ፡
- ተደጋጋሚ ጸቕጢ ኣብ ውሽጢ እዝኒ፡
- ካብ እዝኒ ምጉሊ (pus) ምውጻእ፡
- ናይ ምስማዕ ዓቕሚ ምጉዳል፡
- ቃንዛ ርእሲ፡
- ረስኒ ሰብነት ምውሳኽ፡
- ምስላት ሚዛን ሰብነት ወዘተ የጠቓልል።

እዞም ምልክታት እዚኦም ኣብ ተኸታተልቲ መዓልታት ክረኣዩን ክጠፍኡን ይኽእሉ እየም። እቶም ምልክታት ኣብ ሓንቲ ወይ ክልቲኤን ኣእዛንና ክረኣዩ ይኽእሉ እየም። ኣብ ክልቲኡ ኣእዛንና ምስ ዝረኣዩ እቲ ሕማም ሓደገኛ ምኻኑ ክስተብህል ይግበኣና።

### ምልክታት ረኽሲ እዝኒ ኣብ ህጻናት

ረኽሲ እዝኒ ዘለዎም ህጻናት ዘርእይዎ ምልክታት ምስ ናይ ዓበይቲ ተመሳሳሊ እዩ።

- ምዕጻው ሽውሃት፡
- ሱላን ቃንዛን እዝኒ፡
- ምድንዛዘን ዕረፍቲ ምስኣንን ወዘተ ግና ገለ ካብኦም ኣብ ህጻናት ጥራይ ዝረኣዩ ምልክታት ተባሂሎም ይግለጹ።

መብዛሕትኡ እዋን፡ ረኽሲ እዝኒ ክሳብ ሰለስተ መዓልታት ጥራሕ እዩ ዝጸንሕ። እቲ ረኽሲ ከቢድ ዝበለ ምስ ዝኸውን ድማ ንዝተወሰነ ሳምንታት ክቕጽል ይኽእል እዩ።

ልዕሊ 6 ወርሒ ዕድመ ዘቑጸሩ ህጻናት፡ ረስንን ረኽሲ እዝንን ብሓንሳብ ምስ ዝሀልዎም ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ክኸዱ ይግባእ። እቲ ረስኒ ካብ 39 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ (ማለት ካብ 102.2 ዲግሪ ፋራናይት) ንላዕሊ እንተኾይኑ፡ ሓደገኛ ሳዕቤን ከኸትል ከም ዝኽእል ኣይትዘንግዑ።

### ጠንቂ ረኽሲ እዝኒ

ረኽሲ እዝኒ ብቫይረስ ወይ ብባክተርያ እዩ ዝመጽእ። ‘ስትሮፕቶኮኩስ ኒሞንያ’ (Streptococcus pneumoniae) ወይ ‘ሃኢሞፊሉስ ኢንፍሉወንዛ’ (Haemophilus influenzae) እቶም ብቐዳምነት ዝጥቀሱ ረኽሲ እዝኒ ዘስዕቡ ዓይነት ባክተርያ እየም። እዞም ባክተርያ’ዚኦም ንማእከላይ ክፋል እዝኒ ምስ ጎረሮ ዝራኸብ ሻምብቆ ‘ኢስታችያን ትዩብ’ (eustachian tube) ፈሳሲ ወይ ምጉሊ ከም ዝመልእ ይገብሩ።

**‘ኢስታችያን ትዩብ’ ብፈሳሲ ከም ዝመልእ ካብ ዝገብሩ ጠንቅታት፦**

- እፈት (allergies)፡
- ሰዓል፡
- ረኽሲ ሶርና (sinus infections)፡
- ልዕሊ ዓቐን ዓኺታ፡
- ምትካኽ ሽጋራ፡
- ጸቕጢ ኣየር፡

ኣብ ‘ኣዶናይደስ’ (adenoids) ዝፍጠር ረኽሲ፡ ረኽሲ እዝኒ ከስዕብ ይኽእል እዩ። ‘ኣዶናይደስ’ ኣብ መንጎ ሶርናን ጎረሮን ዝርከብ ጸኪ ኮይኑ፡ ረኽሲ ክዋጥቖና ይከላኸል።

### ንረኽሲ እዝኒ ተኣፈፍቲ መን እዮም፧

ረኽሲ እዝኒ ብዙሕ ግዜ ንህጻናት እዩ ዘጥቅዕ። ምኽንያቱ ሓጺርን ጸቢብን ‘ኢስታችያን ትዩብ’ ስለ ዘለዎም። ኣስታት 80 ሚእታዊት ህጻናት ሓንሳብ ወይ ልዕሊኡ ግዜ ከቢድ ረኽሲ እዝኒ ኣጋጢምዎም ዝፈልጡ እዮም።

ካብ ጸባ ጡብ ኣደ ዝሰንገሉ ዕሾላት እቶም ብ‘ቺችቶ’ ዝጠቡ ዝያዳ ረኽሲ እዝኒ ከም ዘጋጥሞም’ውን መጽናዕትታት የመልክቱ።

### መዓስ ናብ ሓኪም ንኺድ

- መቐት ሰብነት ልዕሊ 39 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ (102.2 ዲግሪ ፋራናይት) ምስ ዝበጽሕ (ብፍላይ ኣብ ህጻናት)፡
- ካብ እዝኒ ዝወጽእ ምጉሊ ወይ ካልእ ሓፈስ ፈሳሲ እናበዝሐ ምስ ዝኸይድ፡
- ብሰንኪ እቲ ረኽሲ ተርእዮ ምልክታት ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናበኣሰ ምስ ዝኸይድ፡
- ናይ ምስማዕ ጸገም ምስ ዘምጽኣልና፡

ረኽሲ እዝኒ ብኸመይ ንከላኸሎ፧

እዞም ስዒቦም ተዘርዚሮም ዘለዉ ምኽርታት ተግባራዊ ምስ ዝኾኑ ረኽሲ እዝኒ ከጋጥም ዘሎ ተኽእሎ ክጎድል ይኽእል እዩ።

- ብተደጋጋሚ ኣእዳውና ብሳሙና ምሕጻብ፡
- ንህጻናት ዝወሃብ መተዓሻሸዊ ቺችቶ (pacifier) ዘይምጥቃም፡
- ህጻናት ኣብ ክንዲ ብጥጦ፡ ብጸባ ጡብ ከም ዝሰግሉ ምግባር።
- ሽጋራ ዘይምትካኽ ከምኡ’ውን ልኡም ኣትካኺ ሽጋራ (secondhand smoker) ዘይምዃን።

ሽባብ

ሃማመተኤ

# ሓሳባት

## ንሓስብዶ፧ እንታይ ንሓስብ፧

ኣስቴር የማነ

ሓሳባት፡ ተረዲእካን ከይተረደኣካን ብኣእምሮ ዝካየድ ንጥፈት እዩ። ፍኹስ ዝበለ ዕለታዊ እነካይዶ ሓሳባት ኣሎ። ዕሙቕ ዝበለ፡ ምሉእ ውነናን ኣቓልቦናን ዝሓትት ሓሳባት ከኣ ኣሎ። ስቕ ኢልና ክንሓስብ ቀሊል ነገር እዩ። ካብ ሓደ ሓሳብ ናብ ካልእ ጫሌዳታት እናፈጠርና ካብ መበገሲ ሓሳብና ክሳብ ንጠፍእ ሃ...ው... ንብል። ይጠቅም ድዩ ኣይጠቅምን ንዝብል ሕቶ ንጉድኒ ገዲፍና ማለት እዩ። ዝሓሰብናዮ ነገር ከመይ ገይርና ናብ ተጨባጢ ነገር ንቕይሮ ግን ብተወሳኺ ኣዕሚቕና ምሕሳብ የድልየና። በዚ ኮይኑ በቲ፡ ከይሓሰብና ክንነብር ከም ዘይንኽእል ርጉጽ ነገር እዩ። ጸዓትናን ኣድህቦናን ሂብና ዝሓሰብናዮ፡ ንቑምነገር ምስ ዝውዕል ከኣ ዕዉት ህይወት ንኽህልወና ዓቢ ኣበርክቶ ይገብር። “ዘይሓስብ ኣይንገድ” ስቕ ኢሎምዶ ወለድና መሲሎሞ ክኾኑ ኢሎም።



ሕብረተሰብና፡ ንኽትሓስብ ዝድርኽ ለበዋታት እናኣሰከመ ሓላፍነትካ የዘኻኽረካ እዩ። ገለ ካብተን ብቐጻሊ ዝለዓላ ኣብነታት እስከ ንርአ። ተመሃራይ እንተ ኬንካ፡ “ንፋዕ! ኣጆኺ/ኻ፡ ንመጻኢ እንታይ ክኸውን ኣለኪ፧ ኣበየናይ ደረጃ ክበጽሕ ኣለኺ፧ ከመይ ገይረ ንስድራይን ሕብረተሰበይን እኽሕስ፧ ኢልካ ክትሓስብ ኣለካ፡” ዝብሉኻ ሰባት ብዙሓት እዮም። ኣኺልካ ክንስኻ፡ ሓዳር ዘይብልካ ምስ እትኸውን ከኣ፡ “እንታይ ትሓስብ/ቢ ኣለኻ/ኺ፧” እናበለ ኣየደቅሰካን። እንተኾነ ክልተኣን፡ እንተ ዘይኮነ ከኣ ሓንቲኣንሲ ግድን ኣብ ህይወትና ተመኩርናየን ኣለና። እቲ ዝድለ ዘሎ መኸተምታ ክሳብ ንገብረለን ከኣ እዘን ሕቶታት እግሪ እግርና ክሰዕባ ይረኣያ።

ብኣንጻሩ፡ ልዕሊ ዓቕምኻ ዝኾኑ ነገራት ኣልዒልካ ብሓሳብ ክትጽለል’ውን ሕብረተሰብና ትም ኢሉ ኣይርእየካን። ንኣብነት፡ ብዓል ሓዳር እንተ ኬንካ፡ ቀጻሊ ብሓሳብ ዝን እናበልካ ትም ኢሉ ክርእየካ ዝደሊ ሰብ የለን። “ዝተሰከሞ ሓላፍነት ይኣኽሎ፡” ግዲ ዝብለካ ኰይኑ። ለይትን ቀትርን ንዘኸበዱኻ ሓሳባት ከተሳሲ ኣይፈቕደልካን። ኣብ ክንድኡስ፡ “ከምኡ ገይርካ ኣይትሕሰብ፡ ቀልዑ ከም ምዕባዮም ክዓብዩ እዮም፡” እናበለ ኣቐሊሉ ክርእየካ ይፍትን። “እንታይ ክትሓስብ ኢኻ ከምዚ ገይርካ ነብስኻ ትውድእ ዘለኻ፧ ከም ምሕላፉ እንድዩ ዝሓልፍ፡” ትብሃል። ንሽግርካ ከም ዓቢ ብድሆ ዘይኮነ፡ ኣቕሊልካ ብምርኣይ ንኽትብድሆ የተባብዓካ። ኩሉ ዘኸበደካ ምስ ሰብካ እሂን ምሂን ኢልካ ክትፈትሖ ከም ዘለካ ድማ ይመኽረካ።

ከምዚ ኣቐዲምና ክንብሎ ዝጸናሕና፡ ባዕልና ንቑምነገር ዝኸውን ሓሳብ እንተ ዘይሓሰብና ካብ ስድራና ጀሚሩ ኩሉ ሰብ ንኽንሓስብ እዩ ዝድርኸና። እንተወሓደስ፡ ከም ሰብ ነቲ መሰረታዊ ነገር ክትሓስብ እንተ ዘይክኢልካ ደኣ እሞ ምስ ምንታይ ኢኻ ክትጽብጸብ፧ ሰብ ከኣ ዝሓስብ እንስሳ እዩ ካብ በሉና፡ እንታይ እናሓሰብና ኢና ካብ እንስሳታት ንፍለ ዘለና እስከ ንነብስና ንመርምር። ህይወትና ብኸመይ ኢና ንመርሓ ዘለና፧ እንታይ ኢና ንሰርሕ ዘለና፧ ዕብየትና ይረኣየናዶ፧ ጾር ወለድና ነብሪዶ ኣለና፧ ውሉድና ብምንታይ ኰስኩስና ነዕብዮም ኣለና፧ ኣርኣያ ክንኮኖምከ ብቑዓት ዲና፧ ክብርታት ሕብረተሰብና ኣብ ምዕቃብ ከመይ ኣለና፧ ኣብ ሕብረተሰብና እንታይ ኣበርክቶ ንገብር ኣለና፧ ናተይ እንብላ ጽባሕ ኣላትናዶ፧ እዛ ጽባሕና እዚኣ ትረኣየናዶ፧... እቲ ዝርዝር ሕቶታት ብዙሕ እዩ። ምስ ነብስና ድማ ዋላ’ውን ንገለ ካብዘን ሕቶታት ኣልዒልናስ ንዛተ ንኸውን እምበር። “ኣይፋል” ዝብል መልሲ እንተ’ለና ግን “ካብ እንስሳ ደኣ እንታይ ክፈልየና ይኽእል፧” ንዝብል ሕቶ ኣዳቒቕና ክንሓስበሉ ክንግደድ ኢና።

ብዙሓት ዓይነት ሓሰብቲ ከም ዘለዉ መቸም ካባይ ምንጋር ትጽበዩ ኢኹም ኣይብልን እየ። እቲ ምንታይሲ ከም ወዮ “እዘን ኣናጹ ገዛናስ፡ ኣበይ ማይ ይሰትያ ይኾና፧” ዝበለቶ ሰበይቲ፣ ከምኦም ዝዓይነቶም ሓሰብቲ እውን ተዓዚብና ንኸውን ኢና። “ንቕድመይ እየ ዝነብር፡” ንዝብል ኣተሓሳስብኡ፡ ብግብሪ ዝነብሮ ሰብ እውን ኣሎ። ከምዚ ምስ ረኸበት ግን ከይትኸውን ሓትነይ፡ “ዓሻ ኣይብዛሕ፡ ከይፋሪ!” ትብል ዝነበረት። ኣተሓሳስባ ናይ ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ኣብ ሕብረተሰብና ተቐባልነት ከም ዘይብሉ ዘርኢ ከይኮነ ድማ ኣይተርፍን።

ካብዚ ፍልይ ብዝበለ፡ ‘ሓሰብቲ’ ዝበሃሉ ኣብ ሕብረተሰቦም ናቶም ደርቢ ሒዞም ዝነብሩ ፍሉያት ሰባት ከኣ ኣለዉ በሉኹም። እዚኣቶም፡ ናይ ነብሶምን ከባቢኦምን ጥራይ ዘይኮኑስ ናይ ሕብረተሰቦም፣ ካብኡ ሓሊፎም ከኣ ብዛዕባ ምሉእ ዓለም ዝሓስቡ ቀየርትን ኣማእዘንትን ዓይነት ሰባት እዮም። ንዝህንደዱ ዓበይቲ ነገራት፡ መገዲ ውሕጅ እናውጽኡ ኣበይ ከም ዘዋህልልዎምን ኣብ ምንታይ መዓላ ከም ዘውዕልዎምን ኣጥዕዮም ይፈልጡ። መዓስ እዚ ጥራይ፡ ዘይጠቅም ደቀቕቲ ዝመሰለና ነገራት ተዋህሊሉ እንታይ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣቓዲሞም ይርድኡ። ዝኣክል ምድላዋት ገይሮም ከኣ ይጸንሕዎ። “ብዓል ኩስቶዶ ይኾኑ፧” እናበልናዶ ኣርሒቕና ንግዳም ነቓምት ኣለና፧ ኣይፋልናን፡ ህድእ ኢልና ደኣ ንተዓዘብ እምበር ኣብ ከባቢና ክንረኽቦም ኢና። ንገለናስ እኳ ድሮ ኣብ ኣእምሮና ብልጭ ይብሉና ይህልዉ እዮም።

ከምዞም ልዕል ኢልና ክንጠቕሶም ዝጸናሕና፡ ካብ ዝተሓተ ክሳብ እቲ ዝለዓለ ደረጃ ናይ ሓሰብቲ ዝዝርግሑ ሰባት ኣብ ዙርያና ኣለዉና። ገለን ብብልሓት ኣተሓሳስብኡ ሃረር ኣቢሉ የቐንእካ፡ ገለን ከኣ “እምበርዶ ሓንጎል ኣለዎ እዩ፧” የብለካ። ንሕና ድማ ብርግጽ ኣብ መንጎኦም ኣለና። ብልሒ ኣተሓሳስባና ዝተርግኦ ግድል እንክርከብ ‘ብልሂ’ ተባሂልና ንጽዋዕ። ትሕቲ ንቡርን ትጽቢትን ሰብና ዝኾነ ተግባር እንከነንጸባርቕ ድማ ‘ኣብዲ’ መን ከሊእና እዩ። ተግባራትና ውጽኢት ኣተሓሳስባና እንደኣሉ። “ካባኻ/ኺ ከምዚ ኣይተጸበኹን!” ትብል ዘረባ መዓስ ትመጽእ’ውን ኣጥዒና ንፈልጥ ኢና ዝብል ግምት እዩ ዘለኒ። የግዳስ፡ “ለባም ክጋገስ መራግእቲ ነይገድፍ፡” ተመሲሉ እዩ እሞ፡ ትጉሽተተይ ኢልና ንተኣመን።

“ኣታ፡ ትሓስብዶ!፧” ሓደ መዓልቲ፡ ሓደ መሓዛይ ምርር ኢልዎ ብተለፎን ምስ ሓደ ሰብ እናተዛረበ ዘውጸኣ ቃል እያ። እዛ ቃል መዓስ የውጽኣ ስለ ዝፈልጥ፡ እቲ ሰብ ማዕረ ክንደይ ኣወዲእዎ ከም ዘሎ ክርዳእ ኣይተጸገምኩን። “ትሓስቢዶ፧” ነታ ምሉእ ምሸት ክትመላለሰኒ ዘምሰየት ሕቶ፡ ንነብሰይ ደጋጊመ ኣቕረብኩላ። “ትሓስቢዶ፧ እሓስብ ድየ፧ እንታይ ኢለ እሓስብ፧ ግድን ድየ በዚ ጉዳይ እዚ ክሓስብ ዘለኒ፧ ነዚ ጉዳይ ክንድ’ዚ ግዜ ሂበ ዝሓሰበሉ ዘለኹስ ይግብኦ ድዩ፧ ...” ዝኣኽሎን ዝግበኦን መልሲ እንተ ረኺበሉስ፡ ሕቶ ንሕቶ፡ ሓሳብ ንሓሳብ እናወለደ ሒዙኒ ዕዝር... ሕጂ ኣነስ እሓስብ ኣለኹ ማለት ድዩ፧

# ብእወታዊ ሓሳባት ምግጫብ

“እንታይ ደኣ በይንኺ/ኻ፧” ኣብ ሓሳባትካ ተዕልል ከም ዘለኻ ዘይተገንዘቡ ሰባት ዘቕርቡልካ ሕቶ እዩ። ምስ ኣብ ሓሳባትካ ዘለዉ ሰባት ወይ ነገራት፡ ሆ ሆ ዲኻ ትብል ዘለኻ፡ ኢሂን ምሂን ዲኻ ትበሃሃል ዘለኻ፡ ታዕ ታዕ ዲኻ ትበሃሃል ዘለኻ ንዕኦም ኣይረኣዮምን። ብጽምዋ ዝተበሓትካ መሲልዎም፡ ካልእ ናቶም ዕላል ከምጽኡልካ’ውን ይኽእሉ እዮም። ኣብ ከምዚ እዋን ዘጋጥሙ ሰለስተ ነገራት ኣለዉ። ቀዳማይ፡ ንሓሳባትካ ኣወንዚፍካ ናብቲ ሓድሽ ዕላል ትግዕዝ፣ ካልኣይ፡ ንውሽጥን ንደገን እናበልካ ከተዕልል ትፈራረቕ፣ ንዓኻን ንመተዓልልትኻን ምቹእነት ብዘይህብ መገዲ ድማ ዕላል ይቕጽል፣ ሳልሳይ ከኣ ንሶም እናተዛረቡ ንስኻ ግን ምስ ውሽጥኻ ዕላልካ ትቕጽል። እዚ ማለት፡ ልዕሊ ናቶም ዕላል እቲ ናይ ውሽጥኻ ዕላል ዓብላልነቱ ኣርእዩ ኣሎ ማለት እዩ። መቸም ገለ ገለ ሓሳባት ማዕረ ክንደይ ንኣድህቦኻ ክማርኹ ከም ዝኽእሉ ካባይ ምንጋር ትደልዩ ኢኹም ኣይብልን እየ።

“ጸጽቡቑ እሞ የሕስብኪ፣ ሓሳብ ልብኺ ድማ የስምረልኪ!” ኢሉ ዝምርቕ ኣቦ ኣለኒ። ትርጉም ዕምቀታ ድማ እናሓደረ እዩ ዝስወጠኒ ዘሎ። እወታውን ኣሉታውን ዝበሃል ኣተሓሳስባ ከኣ ኣሎ እንድዩ። ኣጆኹም፡ ነዚስ ኩልና ንፈልጦ ሓቂ ስለዝኾነ ንህላውነቱ ኣይኮንኩን ከረጋግጸልኩም ደልየ። እወታዊ ሓሳባትና፡ ብዝግባእ ተንከባኺብና ምስ እንሕዞን እንጥቀመሉን ንናይ ዓወት መሳልልና ንላዕሊ እናኣበረኾ እዩ ዝኸይድ። ኣብ ማሕበራዊ ይኹን ናይ ስራሕ ህይወትና ርጉኣትን ሕጉሳትን ክንከውን የኽእለና። ህይወት፡ ‘ፈተና’ ዝኾነና ሽግር እንተ ኣምጽኣትልና’ውን ‘ኣሜን’ ኢልና ክንቕበሎን ካብኡ ሓሊፍና’ውን መፍትሒ ከነናድየሉ ኣይንሽገርን። ከምዚ ዝበለ ንጸገማቱ ብእወታዊ ኣተሓሳስብኡ ዝብድህ ሰብ ድማ ብሕብረተሰብና ኩሉ ግዜ ምስ ተመጎሰ እዩ። “ድምብርጽ ዘይብሎ! ክምህ ዘይትብል!” ተባሂሎም ይነኣዱ።



ብኣንጻር እዚ፡ ኣሉታዊ ሓሳባትና ኣብ ዘለናዮ ሮፋዕ ከም እንብል ገይሩ’ዩ ሓሊኹ ዝሕዘና። እዚ ከማን ዕድል እንተ ገይርና እዩ። እምበር፡ መመሊስና ንኣሉታዊነቱ ኣሉታ እናወሰኽና እንተ ኣሳሲናዮስ ወረ ንቑልቁል ሒዝና እዩ ዝህንፈፍ። ምስ ነብስና ኣይንገድፍ ምስ ሰብ፡ ኣብ ቅድሚና መምስ ዝጸንሓና ነገራት መመኽነይታ እናደለና ንገራጮ። “ኔው በሎ! ተካል ወጅሁ፡ ጥዑም ዘይወጽኦ፡” እናበለ ካባና ዝርሕቕ ድማ ይበዝሕ። እዚ ኩሉ፡ ሰኣን ነታ ሓንሳብ ኣብ ኣእምሮና ብልጭ ኢላ ዝመጽኣት ኣሉታዊት ሓሳብ “ቱፍ... ቱፍ...” ኢልና ምርሓቓ ዝመጽእ እዩ። ነታ ቊልዒ ዝነበረት ኣሉታዊት ሓሳብ፡ መመሊስና እናኣሳወርና ናብ ባርዕ ክንቕዩራ ቀሊልን ጥዑምን እዩ ዝመስል። እንተኾነ፡ ምስቲ ድሒሩ ዝመጽእ ውጽኢቱ ብምርእኣይ፡ ከሎ ጌና ነታ ቊልዒ እቲኣ ብእወታዊ ሓሳባት ገጪብና ከነጥፍኣ ከም ዝቓልል እዮም ምሁራን እቲ ዓውዲ ዝመኽሩ። እዚ ካብ ኮነ ከኣ፡ ምኽሮም ኣብ ልብና የሕድሮ።

“እንተሓሰብክዮ/ካዮ ኸ፧” ትብል ህብብቲ ናይ እዋንና ዘረባ ድማ ኣላ። “እዚ ደኣ ፍሉጥ! ከይተሓልመ ፍቱሕ!” እተስምዕ ኣበሃህላ ድማ እያ። ስለዚ፡ “ንሓስብ ዶ፧” ንእትብል ሕቶይ፡ “እንተሓሰብክዮ ኸ!፧” ዝብል መልሲ ክረክብ እጽበ ኣለኹ እሞ እንታይ ትብሉ፧

# ቀይሕ ባሕርና ምስሊ ጽባቐናን ምስልናን

ምስግና ተኽላይ (ዋርሳይ)

ሓይሊ ባሕሪ ጉጅለ ባህሊ ኣውካን

ገምገም ባሕሪ ኤርትራ ብጽርየቱ ኮነ ብዕቝር ጸጋታቱ ኣዝዩ ፍሉይ ምኳኑ ኩሉ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። እዚ ካብ ጫፍ ራስ ቄሳር ክሳብ ክዕዮ ራስዱሜራ ዝዝርጋሕ ገምገም ዝተፈላለየ ጠባያት ዘለዎን ብዝተፈላለዩ ኣሰማት ዝጽዋዕን እዩ። ካብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ንሰሜንን ደቡብን ዝዝርጋሕ ንጉዕዞ ባሕሪ መራኽብ ዘገልግል ማያት (North Massawa channel and south Massawa channel) ማለት ሰሜናዊ መትረብ ምጽዋዕ ከምኡ ድማ ደቡባዊ መትረብ ምጽዋዕ ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። ነቲ ሰሜናዊ መትረብ ምስ እንምልከት ድማ፡ ካብ ራስቄሳር ክሳብ ማርሳ ተኽላይ ተዘርጊሑ ይርከብ። እዚ ክፋል ማያት ቀይሕ ባሕሪ፡ ዚ ቦታ ጋሻ ዝኾነን ዕበይ ዝበለት መርከብን ዝመርሕ ባሕረኛ በዚ ማያት ንኽጉዓዝ ልዑል ጥንቃቐ ዝሓትት እዩ። ምኽንያቱ ዕምቈት ማይ ናይዚ ክፋል ባሕሪ ዘይሰሩዕን ዝፈላለን ስለዝኾነ እዩ።

ኣብ መንጎ ራስ ቄሳርን ማርሳ ተኽላይን ዘሎ ማያት ንተዓዚቡ፡ 333 ማይልስ ዝዝርጋሕ ዓቐን ዘለዎ ገምገም'ዩ። ካብ ገማግሙ ንማእከል ባሕሪ ዘሎ ዕምቈታት ትሕቲ 20 ሜትሮ ኮይኑ፡ 312 ማይል ዝኣክል ንማእከል ባሕሪ ግን ክሳብ 200 ሜትሮ ዝፈላለ ዕምቈት ኣለዎ። ስለዝኾነ ድማ ዕምቈቱ ዘይሰሩዕ ኮይኑ ንረኽቦ። ስለዚ ካብ ባጽዕ ንሰሜን መርከብ መራሒ ዝጉዓዝ ባሕረኛ ናብ ከርከስ ባሕሪ ከይኣቱ ፍሉይ ጥንቃቐ ክገብር ኣለዎ። እዚ ማያዊ ኣካል'ዚ እኹል መጽናዕቲ ስለዘይተገበረሉ ኣብ ካርታ ባሕሪ ዘይተመልከተ ቀረባ ማይ ኪጋጥም ይኽእል እዩ። ኣብ 1996 ብዝቐረበ ጸብጻብ፡ ካብ ምጽዋዕ ንሰሜን ዘሎ ቦታ ውሑድ ዘይተመልከተ ማያት ከምዘሎ ንባሕረኛታት መጠንቀቕታ ተዋሂቡ እዩ። ኣብ መንጎ ጫፍራ ሰዋኪንን ደሴት ደፍኢንን ዘሎ ማያት ብጀካ'ቲ 10 ማይል ካብ ራስ ቄሳር 12 ማይል ንማእከል ባሕሪ ዘሎ ማያት ብቐረባ ኣይተመርመረን ዘሎ። ብተወሳኺ ድማ ኣብ ጥቓ ቀንዲ ገምገም ባሕሪ ተዘርጊሑ ዘሎ ከርከስ ባሕሪ ሪፍ (reef) ኩሉ ግዜ ዝርኣ ስለዘይኮነ ምስትውዓል ዝሓትት ኮይኑ፡ ምብራቕ ናይ ሰሜናዊ መትረብ ባጽዕ ዝርከብ ከርከስ ባሕሪ ጾዳፍ ኮይኑ ንረኽቦ። ካብ ራስ ቄሳር ንማእከል ባሕሪ ዘሎ ማያት ኣብ 1987 ብዝተገበረሉ ዘዩቋርጽ ናይ 5 መዓልትታት መጽናዕቲ፡ ናይ ሰሜናዊ ምብራቕ ንፋሳት ተጸኒዖም'ሲ እቲ ውሕጅ ባሕሪ ካብ ሰሜናዊ ምዕራብ ከም ዝተበገሰን ሓደን ፈረቓን ማይልስ ኣብ ሰዓት ከምዝሕንበቡን ተረጋጊጹ እዩ። ኣብ ጥሪ 1971 ኣብ መንጎ ደፍኢንን ካሼትን ዘሎ ን327 ማይል ዝተዘርግሐ ማያት፡ እቶም ንፋሳት ካብ ምብራቕ ናብ ደቡባዊ ምብራቕ ክነፍሱ እንከለዉ እቲ ውሕጅ ባሕሪ (ማዕበል) ድማ ብ2 ማይል ኣብ ሰዓት ናብ ሰሜናዊ ምዕራብ ከም ዘውሕዝ ብዝመኽሮ ተረጋጊጹ።

ኩነታት ኣየር ናይ ቀንዲ መሬት ገምገም ባሕሪ ዝምልከት ኣብ ግዜ ሓጋይ ጸዑቕ ግመ ማሰል ዋግ ዋግታ ነቲ መሬት ዓብሊኹዎ ይርከብ። እዚ ድማ ብዮጉዳኡ ንሰሜናዊ መትረብ ባጽዕ ንምልክታት መሬት ዝጥቀሙ ባሕረኛታት ንሰሜናዊ ምብራቕ ናይዚ ቦታ ከቢድ ይጉብሮ ጥራይ ዘይኮነ እንሓሳብዎን ዘይክኣል ይጉብሮ። በቲ ካልእ መዳይ ብምኽንያት ንፋስ ሰሜን ደበናታት ዝጉብለሎ ምስ ዝኸውን ወላ'ኳ ዝልዓለ ጫፍ ናይቲ መሬት እንተተሸፈነ ዕሽሽ ክትብሎ እትኽእል ንጹረ ኣለዎ። ምብራቕ ካብ ደሴት ካንደሊያ ትርከብ ንእሽቶ ደሴት ብማንጎሩብ ዝበዝሐ ኣግራብ ባሕሪ ዝተሸፈነት ደሴት ትርከብ። እዛ ደሴት ኣብ ከርከስ ባሕሪ ተኾይጣ ኣላ። እዛ ደሴት ክሳብ ኣጸቢ.ቑካ ናብ ገምገም መሬት ትጽጋዕ ብቐሊሉ ኣይትልለን'ያ፣ ውሽጢ'ዚ ቦታ ህድኣት ዝሰፈኖን ማንግሩብ ዝርከቦን እዩ። ኣገደስቲ ምልክታት ኣብ ሰሜናዊ መትረብ ምጽዋዕ፡ ማርሳ ተኽላይ ንእሽቶ ጀላቡ ዝዕቀቡሉ ማርሳ ኮይኑ፡ ናይ ውሽጢ ዓዲ ጀላቡ ንምዕሻግ የገልግል። ሓደ 130 ሜትሮ ዝቖመቱ ሰዐር ማዕበል ባሕሪ መንደቕ ዘለዎ ኮይኑ፡ እዚ ንማእከል ባሕሪ ዝዝርጋሕ መንደቕ ኣብዚ እዋን ዓንዩ ወይ ፈሪሱ ይርከብ። ባሕረኛታት ነዚ መንደቕ ምስ ከርከስ ባሕሪ ከደናግሮም ይኽእል። ኣብ ጥቓ'ዚ መንደቕ ኣብ ጫፉ ንመራኽብ ሓበሬታ ዝሁብ መብራህቲ ወይ ፋና ተተኺልዎ ኣሎ። እዚ ብእንግሊዝኛ በኮን ተባሂሉ ዝጽዋዕ ፋና፡ ኣጉዶኣዊ ቅርጺ ዘለዎ ዓንዲ ኮይኑ ኣብ ጫፉ ርእሱ ዝተቐርጸ ኣጉዶ ዝመስል ቅርጺ ኣለዎ። ኣብ ርእሱ ድማ ጫፍ ዝሕብር ዘነጊ ዝተተኽሎ እዩ። ካብኡ ርሒቕ ኢሉ ድማ ኣብ ድሓን ኩነታት ዝርከብ 100 ሜትሮ ንወገን ሰሜናዊ ምብራቕን ንማእከል ባሕርን ዝዝርጋሕ ዘሎ ራደሃር ዝበሃል ደሴት ሰዐር ማዕበል መንደቕ ይርከብ። ኣብ መንጎኡም ሰዐር ማዕበል መናድቕ ንእሽቶ ዕምቈት ዘለዎ መዕቈቢ. ስለዘሎ ናብኡ ንምእታው 15 ሜትሮ ዘለዎ መእተዊ ኣሎ። ኣብ መንጎ ጫፍ ወይ ርእሲ ናይዞም መናድቕ ዘሎ ዕምቈት ማይ 2'5 ሜትሮ ይበጽሕ። ዝዓበየ ኣካል ናይዞም ሰዐር ማዕበል መናድቕ ኣብ ልዕሊ ንቑጽ መሬት ዝተሰረተ እዩ። ኣብ ማእከላይ ሸነኽ ናይዚ ማርሳ ዘሎ ዕምቈት 2'7 ሜትሮ ኮይኑ ናብ መሬት እናቐረብካ ምስ መጻኻ ድማ እቲ ዕምቈት ይጎድል።

ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ክፋል ናይቲ ብወገን ደቡብ ዝርከብ ሰዐር ማዕበል 2'3 ሜትሮ ዝዕምቆቱ፡ ጀላቡ ዝጽዕናሉን ዘራግፉሉን መዳየቦ ዘለዎ መዕሾጊ ደርኩቡ፡ ክልተ ናይ መንደቕ ገዛውትን ሓደት ኣጉዱን ዝሓዘት ቁሸት ናብዚ ደቡባዊ መዕሾጊ. ጀላቡ ማርሳ ብቐርበት ተደኩነን ይርኣያ። ካብ ደሴት ደፍኢን ዝግበር ጉዕዞ ወይ መንገዲ በዚ ሰሜናዊ መትረብ ምጽዋዕ ኮይኑ፡ ክሳብ 172 ማይልስ ዝበጽሕ ንወገን ደቡባዊ ምብራቕ ይዝርጋሕ። ኣብ መንጎ ደሴታት ዳህላክን ቀንዲ ገምገም ባሕሪ ኤርትራን ድማ ደርኩቡ፡ ብኣጠቓላሊ እዚ ነዊሕ መትረብ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ደቡባውን ሰሜናውን መትረብ ተባሂሉ ኣብ ክልተ ዝተመቐለ እዩ። እዚ መትረብ ንጉዕዞ ባሕሪ ውሑስን ምቹእን እዩ። ዘለዎም ናይ መብራህቲ መሐበሪታት ምስ ዝበርሁ ድማ ብሌይቲ ክትጉዓዘሉ የኽእለካ። እተን ደሴታት ዳርጋ ኣብ ጽፍሒ ባሕሪ ዝተላሕጋን ብራኽ ዘይብለንን ኣብ ማይ ባሕሪ ዘተኣለኻን ብምኳነን ብቐሊሉ ስለዘይረኣያን ግን ኣብ ጉዕዞ ጥንቃቐ ምግባር ኣገዳሲ. ይጉብሮ። ኣብ መላእ ተረተር ሰሜናዊ መትረብ ምጽዋዕ ዘሎ ቅርጺ መሬት ዝርከቡ ኹታት ተመሳሰልቲ ኮይናም ብሰጣሕ ጎላጉል ዝተዓብለለ እዩ። ጫፋቶም ንሰሜንን ደቡብን ይዝርጋሕ። ሓለፍም ዝርኣዩ በሉሕቲ ታባታት ድማ ነቲ ሰጣሕ ጎላጉል ሰበርም ይርኣዩ። እዞም ታባታት ከተለልዮም እንተኽኢልካ ድማ ንባሕረኛታት ግሩማት መሐበሪ እዮም። ኣብ ልዕሊ. መርከብ ተሰቒልካ ንመሬት ምስ ተማዕዱ ብዘበምታ እናበረኹ ዝድይቡ ኣብ ገምገም ባሕሪ ካብ 15 ክሳብ 20 ማይል ናብ እግሪ'ዞም ኹታት ዝዝርግሑ ናይ ሐጻ ጎላጉል ትዕዘብ። ዝልዓለ ትረኽቦ ብራኽ ድማ ክሳብ 300 ሜትሮ ይበጽሕ።

ልዒሉ ከም ዝተጠቕሰ፡ እቲ ጎላጉል በቶም ብዝጠብጣብ መሊኦም ዘለዉ ቅርጺ ኣጉዶ መልክዕ ዝሓዙ ታባታት ዘውንንዎ ብራኽታትን በቶም ክጸዮኦም ናብ ውሽጢ መሬት ርሒቖም ዘለዉ እምባታትን ዳርጋ በቲ ክስትውዓል ዘይክኣል ዓቐብት ናይቲ ጎላጉልን ኣብ ትርኢት ዓይኒ ተዋሒጦ ስለ ዝርከቡ፡ ኣብ ካርታ ባሕሪ ኾታት ከተለሊ ወይ ፈሊ'ካ ክትፈልጥ ክትፍትን እንተኾይንካ ዚ ነገር'ዚ ክትዘንግዮ ኣይግባእን። ኩነታት ዋሕዚ ማዕበል ናይ ሰሜናዊ መትረብ ምጽዋዕ ምስ እንርኢ ድማ፡ ኣንፈቶም ኣዝዩ እዩ ዝፈላለ። ካብ ጥሪ ክሳብ ለካቲት ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ንፋሳት ደቡባዊ ምብራቕ ናብ ማእከል ቀይሕ ባሕሪ ክነፍሱ እንከለዉ፡ ብዝሓየለ ኣጉዕብ ዝነፍሱሉ እዋን ስለዝኾነ፡ ኣብ መላእ ገምገም ባሕሪ ኤርትራ ንደቡብ ገጹ ዝውሕዝ ማዕበል ይፍጠር። ኣብ ውሽጢ'ቲ መትረብ ድማ ብናይ ውሽጢ መሬትን ንፋሳትን ማዕበላዊ ዋሕዝን ብዝልዓለ ይጽለው። ኣብ ተመሳሳሊ ወርሓት ኣብ ደቡባዊ መትረብ ምጽዋዕ ዘሎ ባሕሪ ዝርከቦ ንወገን ደቡብ ዝውሕዝ ማዕበል ምስቶም ካብ ደቡብ ንሰሜን ዝነፍሱ ንፋሳት ተቓሊሱ ክስዕርም ይርኣ። እንተኾነ ግን ኣብ ወርሓት መጋቢትን ሚያዝን እቲ ዋሕዚ ማዕበል ናብ ሰሜን የቕንዕ፡ ብናይ ውሽጢ. ዓዲ ወይ ናይ መሬት ንፋሳት ብዝልዓለ ዝጸዝሕ ይመስል። ትሕተ ማያዊ ገመዳት ኣብ ውሽጢ ከበዲ ባሕሪ መትረብ ምጽዋዕ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ዝኾነ ናይ ትሕተ ባሕሪ ገመድ፡ ካብ ማእከላይ ኣካል ቀይሕ ባሕሪ ኣቝሉ ብማእከል መትረብ ምጽዋዕ ሓሊፉ እንደገና ናብ ማእከል ቀይሕ ባሕሪ ዝጥወ ተዘርጊሑ ይርከብ። ሓፈሻዊ ሓበሬታ ሰሜናዊ መትረብ ምጽዋዕ መተሓላለፊ መራኽብ፡ ሰሜናዊ መትረብ ምጽዋዕ ብወገን ምዕራብ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ ኮይኑ፡ መቐጸልታ ወይ ኣሰር ናይቲ ውሽጣዊ መትረብ እዩ። ሰሜናዊ ኣካል መትረብ ምጽዋዕ ካብ ጥቓ ደሴት ደፍኢንን ተበጊሱ ንኣስታት 60 ማይል ተዘርጊሑ ክሳብ ሰሜናዊ ምብራቕ መእተዊ ናይ ወደብ ምጽዋዕ ዘሎ ነጥቢ. ዝዝርጋሕ እዩ። ቅርጺ መሬት ናይዚ ከባቢ. 132 ሜትሮ ዝነውሓቱ ቴርሞብ ዝተባህለ ጎቦ ካብ ገምገም ባሕሪ ንውሽጢ. ካብ ደሴት ደፍኢን ድማ ንወገን ደቡባዊ ምዕራብ ተኾይጡ ዝርከብ ኣካል እዩ።

ኣብ ርእሲ. ቅርጺ. መሬት ሓደ ጻዕዳ ዝሕብሩ ኣጉዶኣዊ ዓንዲ ተተኺሉ ይርከብ። ሜላሃት ትብሃል ናይ ገምገም ባሕሪ ነጥቢ፡ ናይ መራኽብ ሓብሪ መብራህቲ ዝሓዘለትን ብናይ ማይ ጨው ሰልምታት ዝተደርዐትን ቦታ ኢያ። ክጸዮ'ዛ ቦታ ባድም ናይ ጨው ኩጀታት ተዘርጊሖም ይርከቡ። ኣስታት 5 ማይል ካብ ሜላሃት ንደቡባዊ ምብራቕ፡ ናይ ጨው ግራውቲ ይርከቡ። እዛ ቦታ ብብርሃን ዝተኾልዐት ኮይና፡ ብዋዜ ለይቲ ንዝዋበር ጉዕዞ ግርምቲ መሐበሪት ኮይና ተገልግል። ካብዛ ነጥቢ. ኣስታት 5 ማይል ንደቡባዊ ምብራቕ ርሒቕ ኢልካ ድማ ደፋእታዊ ብራኽ እትውንን ራስጡሬቕ ትርከብ። ኣብ ክልቲኡ ደቡባውን ሰሜናውን መትረብ ምጽዋዕ ዝርከቡ መብራህቲ ፋናታት፡ ኣብ ምሕባር ጉዕዞ ባሕሪ ውሕስነት ከም ዘይብሎም ይሕብር። መለለዪ ሕብርታት ናይ ህንጻታቶም'ውን ተበላሽዩ ክኸውን ከም ዝኽእል እዩ ዝነገር። ነፍስወከፍ መብራህቲ ክርኣያ ስለዘይክኣል፣ ህንጻታቱ'ውን ብቐሊሉ ፈሊ'ካ ንምፍላጡ ስለዘይክኣል፡ ባሕረኛታት ንቑሓት ክኾኑ እዩ ዝግባእ። ባህርያዊ ኩነታት መጺጦ ምጽዋዕ ኩነታት ኣየር፡ ኣብ ሰሜናዊ መጺጦ ምጽዋዕ ንፋሳት ሰሜን ዝዋሰልዎ ኮይኑ፡ እዞም ንፋሳት ካብ ብዋዜ ለይቲ ብዋዜ መዓልቲ ኣሐይሎም ይነፍሱ። ኣብ ግዜ ንግሆ ድማ ካብ መሬት ናብ ማእከል ባሕሪ ይነፍሱ። ኣብ ግዜ ቀትሪ ከኣ ንወገን ሰሜናዊ ምብራቕ ይዕጸፉ። ኣብዚ ከባቢ. ርእይ ዝኾነ ውድቀት ናይ መዐቀኒ ጸቕጢ ኣየር ኪጋጥም ንቡር እዩ። ድሕሪ ኣስታት ክልተ መዓልትታት ድማ ንፋሳት ሰሜን ብዝንደበት ተኸታቲሎም ይነፍሱ። ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ግን ብዘበምታ ይነፍሱ። ኣብ ክልቲኡ ኣጋጣሚታት ፍኹስ ዝበለ ደበና ተኸቲሉ ይፍጠር። ጸቕጢ ኣየር ክሳብ'ቶም ንፋሳት ዘውድኡ ልዑል ኮይኑ ይጸንሕ።

ኣብ መትረብ፡ ንፋሳት ደቡብ ምስ ዝፍጠሩ ብሓፈሽኡ ኣብ ግዜ ለይቲ ምንፋስ ይቕጽሉ። ኣብ ግዜ መዓልቲ ብወገን ደቡባዊ ምብራቕ ኣሐይሎም ብምንፋስን ናብ ወገን ምዕራብ ብምጥዋይን ድማ ብዋዜ ለይቲ ይፈንፍሱ። እቶም ንፋሳት ካብ ወገን ደቡባዊ ምዕራብ ክሳብ ዝነፍሱ ብጉሉሕ ነቓጺ. ይርኣ። እንተኾነ ግን ናብ ደቡብ ወይ ደቡባዊ ምብራቕ ምስ ዝቕየሩ፡ እታ ዝተርከሰት ኣሞፑል ናይ መዐቀኒ ረስኒ. ብቕልጡፍ ብብዙሕ ዲግሪታት ንላዕሊ. ትድይብ። እዚ ብርቱዕ ንፋስ ደቡብ ንላዕሊ. ኣርባዕተ መዓልትታት ይጸንሕ። መዐቀኒ ጸቕጢ ኣየር፡ መጠንቀቕታ ዝበሃል ኣይትህብን። ድሕሪ ሓጺር ግዜ እቲ ንፋስ ይነፍስ ምስ ዝህሉ ግን ትደንዕ። ካብ ምጽዋዕ ንማእከል ባሕሪ ዘሎ ቦታ፡ ንፋስ ባሕሪ ካብ ምብራቕ ይነፍስ። ኣብዚ ሰሜናዊ መትረብ ማዕበላዊ ዋሕዚ ምስቲ ንውሽጢ ዝጉዓዝ ዋሕዚ ንደቡብ ይቕንዕ። ከምኡ'ውን ምስቲ ንደገ ዝጉዓዝ ዋሕዚ ንሰሜን የቕንዕ። እዚኦቶም መብዝሕትኡ ጊዜ ኣዝዮም ሰሩዓት እዮም። ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ እቶም ምስ ንውሽጢ ዝጉዓዝ ዋሕዚ ንደቡብ ዝቕንዑ ክሳብ'ቶም ንደገ ዝጉዓዝ ዋሕዚ ጎኒ ንጎኒ ዝራኸቡ ኣይቋረጹን እዮም። ካብ ሰነ ክሳብ መስከረም ኣንፈት ዋሕዚ ደቡባዊ ምብራቕ እዩ። ካብ ሕዳር ክሳብ ሚያዝያ ድማ ብሰሜናዊ ምዕራብ እዩ፣ ፍጥነቶም ድማ ፍርቂ ማይል ኣብ ሰዓት ይሕንበቡ። ኣብ መንጎ ግንቦትን ጥቅምትን ዘሎ እዋን ዓበላሊ ዝበሃል ኣንፈት የለን። እዚ ኩሉ፣ እቲ ምስሊ ጽባቐናን ምስልናን ዝኾነ ቀይሕ ባሕርና ሐዚሉ ዘሎ ምስጢር ኢዩ።










# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ገነት ተኽኤ፡ 4.1.5 ሰለሙን ተኽኤ ፡ 4.1.7 የርዳኖስ ተኽኤ፡ 4.2.2 ምብራቕ ጊላይ፡ 4.2.3 ፋኑስ ጊላይ፡ 4.2.4 ምሕረት ጊላይ፡ 4.3.3 ተስፋማርያም ሃብታይ፡ 5.1.3 ኣብርሃት ወልዱ፡ 6.2.2 ኤልሳ ጸጋይ፡ 6.2.3 ኣስመረት ጸጋይ ፡7.1.1 መልኣከ ተስፋይ፡ 7.1.4 ማስቀላ ተስፋይ፡7.1.5 ምሕረት ተስፋይ፡ 8.2.1 ንግስቲ እዮብ፡ 8.2.2 ተስፋብርሃን እዮብ፡ 8.2.5 ሃይማኖት እዮብ 8.3.1 ፊሽን ስቡሓት 8.3.4 ፊልሞን ስቡሓት፣ ንዕለት 24/9/26 ቅረቡ። ከምኡ'ውን ከሳሲ ወራ/ፍ/ ሄራት ፋና ኖማርያም ኣቶ ኣብርሃ ጦሼት ንተኸሰስቲ ወረ/ፍ/ሄር መሓሪ ኖማርያም፡ ወረ/ፍ/ሄር ክፍለ ኖማርያም፡ ወረ/ፍ/ሄራት ጦሼት ኖማርያም፡ ወረ/ ፍ/ሄረ ተኸስተ ኖማርያም፡ ወረ/ፍ/ ሄራት ዑቕበት ኖማርያም፡ ወረ/ፍ/ ሄረ ታፍላ ኖማርያም፡ ፍ/ሄር ጸጋይ ታፍላ፡ ወረ/ፍ/ሄር ገብረክርስቶስ ሃብተማርያም፡ ወ/ፍ/ሄራት ዘውዲ ሃብተማርያም፣ ናይ ምቅሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 11መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኽምሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጡ።

ተስፉ ኪዳነማርያም ደብረጼን ጓለይ ፍዮሪ ተስፉ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሮማ ወልደማርያም ገብረመድህን ምባል ተሪፉ፡ ሮማ ገብረመድህን ምስየኖ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍቁ.47 ይቕረብ።

ተኸሰስቲ ወራ/ፍ/ራት ወ/ሮ ግደይ ወልደኪዳን ወ/ሮ ኣለን ምሕረትኣብ፡ ብኸሳሲ ወ/ሮ ሮዝ ገብረሚካኤል ገረመስ ወ/ረ/ፍ/ር ደቦሳይ ተስፋጽዮን ልቡ 2.1 ኣቶ ኣብርሃም ደቦሳይ 2.2 ኣቶ ዳዊት ደቦሳይ 2.3 ወ/ሮ ምሕረት ደቦሳይ ንጉዳይ ወህሉል ክራይ ገዛ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኽምሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጡ።

ደርግኣለም ኣብራሃ ገብረማርያም፡ ኣደይ ፍ/ሄር እልፊ ዑቕባጋብር ተላ ዝኑበረትለይ ስለዋ ደጽደቅለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ልኡላ ዞሚካኤል ተኸስተ ምባል ተሪፉ፡ ሉላ ዞሚካኤል ተኸስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ከሳሲት ትምኒት ተኽላይ ገብረመስቀል፡ ተኸሳሲ ዳዊት ብርሃ ገብረሚካኤል፡ ንጉዳይ ሓዳር ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጥ።

ተኸሳሲት መብራት ገብረእግዚኣብሄር፡ ብከሳሲ ወረ/ፍ/ተኽለ ኣብርሃ ተመልሶ ኣማኑኤል ተኽለ ኣብርሃ +8 ንጉዳይ ወህሉል ክራይ ገዛን ምላቓቕን ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቢ፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጢ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ብርሃና ዓንደም ጊላዝጊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣስመሮም ማሰፍን ዘሎ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ጉዳይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣስመሮም ማሰፍን ንጹር ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጥ።

ለተናፋኤል ገብረወልዲ ምራጭ ምባል ተሪፉ፡ ምሕረት ገብረወልዲ ምራጭ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሳሙኤል ተወልደ ወልደገርግሽ፡ ኣደይ ጉያይ በየነ መዝገቡ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሳራ ተኽለኣብ ወልደሚካኤል፡ ኣደይ ሃይማኖት ተስፋዝጊ ገብረስላሴ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ተኸሰስቲ ወረ/ፍ እስቲፋኖስ በየነ ዓንዱ ዝኾንኩም ሶላ እስቲፋኖስ፡ ሳምራይ እስቲፋኖስ፡ ኣዶናይ እስቲፋኖስ፡ ሄኖክ እስቲፋኖስ፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኽምሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጡ።

ወ/ሮ ኣልጋሽ ገብረእግዚኣብሄር ተወልዱ፡ ኣደይ ሂወት ሰለሙን ወልደእንድርያስ ምስ ሕጋዊ ብዓል ቤታ ፍ/ሻምባል ገብረእግዚኣብሄር ተወልዱ፡ ኑ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ን/ዞ/ ገጀረት ዞባ 3 ምም/01 ጎደና ሸዕብ 179 ቁ.ገዛ 28፡ ዋንነት ደብተር ቁ.103271 መወከሲ ቁጽሪ 106984፣ 3 ቀንዲ ክፍልትታ 3 ተሓጋገዝቲ ክፍልታትን ዘለዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረታ፡ ንበጽሒታ ዝምልከት ብህያብ መልክዕ ስለ ዝሃበትኒ፡ ናብ ስመይ ይመሓላለፈለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሳብሪን ኣልኣሚን መሓመድ-ሓጎስ ምባል ተሪፉ፡ ሳብሪን ኣልኣሚን ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኤልያስ ኣደም መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ተስፋት ገብረእግዚኣብሄር ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ ፍቁ.47 ይቕረብ።

ትክእ ሰዒድ ረጃ ምባል ተሪፉ፡ ማሀር ሰዒድ ረጃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዛህራ ሰይድ ዓብደላ ምባል ተሪፉ፡ ዛህራ ሰይድዓብደላ ሰይድመሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

መዓርግ መዝገበ ህልኩ፡ ኣደይ ወይኒ ኢሳቅ ሃይለማርያም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ተወልደ እስራኤል ኣምለከ ምባል ተሪፉ፡ ሰናይ እስራኤል ኣምለከ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣቶ ሳሙኤል ኢሳቕ ቀለታ፡ ኣቦሓጎይ ቀለታ ኣዲግ ብኢዱ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ንወላዲና ፍ/ሄር ኢሳቕ ቀለታ ተክእና ምስ 15 ተተኻእቲ ደቂ ሓወቦታተይን 5 ተተኻእቲ ደቂ ኣሞታተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሶር ሰናይት ቀለታ፡ ስም ኣደይ ኣልጋሽ ኪዳነ ሓጎጣል ምባል ተሪፉ፡ ኣልጋሽ ቀለታ ኣሰራት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓዳስ ዓንደብርሃን ገብረየሱስ፡ ብዓል ቤተይ ፍስሃየ ወልዱ ሓጎስ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ማሰል ፊልሞን የማነ ኣሰገዶ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ዑቕባዝብርኤል በራኺ ባህታ፡ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ፈጸሚ ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ይቀየድ ስለ ዘሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረብ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኽምሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጡ።

ወ/ሮ ህድኣት ሓደራ ወልደየሱስ፡ ብዓል ቤተይ ኪዳነ ገብረትንሳኤ መንግስቱ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣማኑኤል ወልደስላሴ፡ ብዓልቲ ቤተይ ሳባ ተስፋጋብር ቦጋለ ስለዝተሰወአት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ኣብርሀት ወልደጊዮርጊስ ኣቡዪ፡ ብዓል ቤተይ ግርማይ ወልደኣብ ገብረሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የርዳኖስ ሚካኤል ጸጋይ ምባል ተሪፉ፡ ናርዶስ ሚካኤል ጸጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ከሳሲት መርሃዊት የውሃንስ ተወልደመድህን፡ ተኸሰስቲ 1.ቴድሮስ ታደሰ 2.ሄለን ጣሰው ደምሴ 3.ኣልማዝ ሃይለ 4.ፍረወይኒ ታደሰ፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኽምሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጡ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ኣስመረት ማስመር ገብርኤል፡ ብዓል ቤተይ ዓብደረዛቅ ሓጎስ ኣብርሀ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፋጥና ሐሰን ያእቆብ፡ ብዓል ቤተይ ኣረዲን ህያቡ ሓምድ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ግደይ ቀለታ ገብረስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ግደይ ኣሕፈሮም ገብረልዑል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ዐሰማን ሳልሕ ራጊ ምባል ተሪፉ፡ ዐሰማን ሳልሕ ኣሕመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ሩታ እስቲፋኖስ፡ ተኸሳሲ ተስፋይ ጎይትኦም ተኽሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጥ ።

---

ኣመልካቲት ሳራ ሃይለ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ኑኡስ ዞባ ገጀረት ዝርከብ ገዛ ፕሎት 7 ፓርሰል ቁ. ASP00016141 ዚፕ 1A177 ስፍሓት መሬት 117.8 ት/ሜ ብዚሐ ክፍሊ ቀንዲ 3 ተሓጋጋዚ 2 ዘጠቓልል፡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1:009825 ብስም ፍቓዱ መሓሪ ህብትዝጊ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ንዓይ ስለ ዝሸጠትለይ'ሞ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጊ ብዝኣዝዞ መሰረት መኣገዲ ወይ ናይ መወዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኒታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ሳራ ሃይለ

---

መበል 32 ዓመት ጉባኤ ሰብ ብርኪ ናቕፋ ኮርፖረሽን ንዕለት 02/08/2026 ሰዓት 8:00 ቅ.ቀ ጀሚሩ ስለ ዝካየድ፡ ንኹሉም ኣባላቱ ይዕድም። ኣብዚ ዕለት'ዚ ምልኣተ ጉባኤ እንተዘይተረኺቡ ዕለት 09/08/2026 ብዝተረኽቡ ኣባላት ጉባኤ ከም ዝካየድ ንሕብር።

ተወከልቲ ናይ ውክልና ሰነድ ሒዝኩም ክትቀርቡ ንሕብር።
ቦታ፦ ሃገራዊ ቤት ምኽሪ ንግዲ
ዳይረክተራት ቦርድ
ናቕፋ ኮርፖረሽን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ሉታይ ግርማይ፡ ወለድና ግርማይ ሃብተሚካኤልን ሓጎሳ ዑቕባትንሳኤን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ከሳሲ ኣቶ ቴድሮስ ማሓሪ ተወልደ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃይለ ሃብትኣብ ተስፋማርያም፡ ናይ ገዛ ክሲ ተመሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ፡፡

ምሕረት ግርማይ ተስፋማርያም ምግቢ ተራፋ፡ ምሕረት ግርማይ ጉብረትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ጎይትኦም ክፍለ ጉብረያውሃንስ ምግቢ ተራፋ፡ ጎይትኦም ክፍለ ወልደያውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሂወት ኣረፋይኔ ብዓል ቤተይ መም/ ዀረኣብ ግርማይ ፍስሃጼን ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቀና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሙሉ ነጋሲ ኪዳኔ ብዓል ቤተይ እስቲፋኖስ ነጋሽ በየነ ስለዝዛተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ምሕረት ወልደሚካኤል ተኽሉ ብዓል ቤተይ ጉብረየሱስ ኣርኣያ ተከኤ ስለዝዛተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተጋ/መንግስትኣብ ወልደሩፋኤል ተሬራ ሓፍተይ ነ/ሄር ጸጋት ወልደሩፋኤል ተሬሪ ዝኾበረትለይ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ፍሊሞን ሃይለማርያም ዛይድ ምግቢ ተራፋ፡ ኤርምያስ ሃይለማርያም ዛይድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰዶና ቢንያም ተወልደ ምግቢ ተራፋ፡ ሰዶና ክብሮም ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

መቅሰን ክብሮም ዘወልዲ ምግቢ ተራፋ፡ ርስቶም ክብሮም ዘወልዲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

በልጸም ተስፋኣለም ምግቢ ተራፋ፡ ደበልጸም ተስፋኣለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰርጎና ማጆር ጀነራል ምግቢ ተራፋ፡ ሰልቫና ማጆር ጀነራል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፋጡማ ኣደም ሰዒድ ምግቢ ተራፋ፡ ፋጡማ ሰዒድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰሊማ ኣደም ሰዒድ ምግቢ ተራፋ፡ ሰሌማን ሰዒድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተኽሉብርሃን ኣስፍሃን ወ/ሮ ቅድሳን ተከኤን፡ ወድና ሃብቶም ተኽሉብርሃን ኣስፍሃ ስለዝዋረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዘፋን ተወልደ ወልደጉብርኤል፡ ብዓል ቤተይ ጸሓየብርቂ ሓጎስ ካሕሳይ ስለዝዛተሰወአ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ሉተሚካኤል ብስራት ወልደኪዳን ምግቢ ተራፋ፡ ሉተሚካኤል ብስራት ጉብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሉተብርሃን ተስፋሚካኤል፡ ተኸሳሲ ልኡል ደስታ ጉብረሂወት፡ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ሰ/ሰ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ማእከል በረኸት ጺጋይ ምግቢ ተራፋ፡ ሳይሞን በረኸት ጺጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ጆምዕያ ኣደም ዓብደላ ምግቢ ተራፋ፡ ጆምዕ ኣደም ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኑር ሃደለ ጉብረእግዚኣብሄር ምግቢ ተራፋማርያም ሃደለ ጉብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ የርዳኖስ ተከኤ በራኺ ሓውና ሚካኤል ተከኤ በራኺ ስለዝዛተሰወአ፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓምድ ሱሌማን ሓምድ ምግቢ ተራፋ፡ ሓምድ ሱሌማን ዐስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሚካኤል ጉብረብርሃን ተኽለጊርጊሽ፡ ስም ኣደይ ትዕበ ወለደማርያም መሓሪ ምግቢ ተራፋ፡ ትዕበ ወልደማርያም ወልደስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኤደን ተኽለሰንበት ኣሚን ምግቢ ተራፋዳዊት ተኽለሰንበት ኣሚን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰብሕ ሳልሕ ዑመር ምግቢ ተራፋ፡ ሰብሕ ሳልሕ ዓብደልቃድር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣነ ኣምለሶም ተኽለሰንበት ግደ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሉፍሒ ጸሎት፡ ዚፕ ኮድ 1A738 ፕሎት 32 ፓርሰል K ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑ. ንብረት BRGNF009139/0 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንኑቱ እተረጋገጸለይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ስለ ዝሸጥኩዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባዩ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምኳነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ኣምለሶም ተኽለሰንበት ግደ

---

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒ/ምክልኻል፡ ንሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ዘድሊ ዝተፈላለየ ዓይነት መግቢ ኣሕምልትን ፍረታትን በርበረ እንቋቑሖን ከዕድግ ስለ ዝደለየ፣ ሕጋውያን ተሜራትቲ ይዕድም፡፡

1.ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
2.ተሜራትቲ ቅዳሕ ናይ 2025 ዓም ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ 2024 ግብሪ መንግስቲ ከም ዝኸፈሉን (ክሊራንስ) የቕርቡ፡፡
3.ተሜራትቲ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ከፊሎም ካብ ቤ/ጽ px ካምፖሎ ጎደና ድኅብድኅብ ዚፕ 178 ቁ.ገዛ 07 ክወስዱ ይኽእሉ፡፡ ቁ.ቴሌፎን 187616/209033
4.ምሉእ ሰነድ ጨረታ ብዕሹግ ደብዳበ ብምቕራብ ዕለት 24/07/2026 ሰዓት 09:30 ቅ.ቀ ወይ ቅድሚኡ ይበጽሕ፡ ዕለት 24/07/2026 ሰዓት 09፡30 ቅ.ቀ ተሜራትቲ ወይ ወኪሎም ኣብ ዘለውዎ ኣብ ቤ/ጽ px ካምፖሎ ጎደና ድኅብድኅብ ዚፕ 178 ቁ.ገዛ 07 ብግልጺ ይኽፈት፡፡
5.መኽበሪ ጨረታ CPO 50,000.00 ናቕፋ ይቕረብ፡፡
6.ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምም/ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ፡፡
7. ሚኒ/ምክልኻል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ንብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ ምክልኻል
ጨ/ዕድግን ምቁ/ንብረትን
ቴሌ. 209033/08214804

---

ቀንዴል

# ትምህርቲ መካኒክ
ብክልሰ ሓሳባትን ብግብርን ብምኩራት መምሃሪን
ኣብ ጋራጅ ብግብሪ ምርኣይ ዘለዎ

#ኣካውንቲን ምስ #ምዝርጋሕ መስመር
ፒችትሪ ኤለክትሪክ / ሶላር
#ግራፊክስ #ጽገና ኤለክትሪካል
#ኮምፒተር ማሽን

ብርትዓዊ ዋጋ ኣዳልዩ ከም ዘሎ ንወለድን ንተማሃሮን ይሕብር።
ኣድራሻና:- ጎኒ ሲኒማ ሮማ ፊት ቶታል
ቁ.ስ. 121571 /07325197

# መዛነዩ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## እቲ ካልእ ሸነኽ ውድቀት

ኣብ ቅልስ ክልተ ዕድላት'የን ዘለዋ፣ ንኣተን ከኣ ዓወት ወይ ውድቀት'የን። ኩሉም ኣብ ጥርዚ ናይ ዓወት ዝበጽሑ ሰባት'ከ ከይወደቑ ደየም ኣብ'ቲ ደረጃ ክበጽሑ ክኢሎም፣ ደቂ ሰብ ክነብሩ ኣለና ንደሊ፣ ሕልምታትና'ውን ክንጭብጦ ወትሩ ሓኺ ምስ በልና ኢና። ዝኾነ ሕልምታት ኣብ ምጭባጥ ውድቀት ኣብ ዘጋጥመና ግዜ ግን ተስፋ ብምቑራጽ ኣቲ ዕማም ነቋርጽ፣ ዋላ'ውን እንተ ሰራሕና ብምሉእ ልብና ክንሰርሕ ንጽገም።

መብዛሕትና ኣብ ውድቀት ኣሉታዊ ኣመለኻኽታ'ዩ ዘለና። ኩሉ ሰብ ኣብ ስራሑ ዘይዕወት ምስ ዝኸውን ምስ ሕመቕ ወይ ስንፍንት ነተኣሳስሮ። እዚ ደዩ ግን እቲ ሓቀ ውድቀት ብቐልል ዝበለ ኣገላልጻ ሓደ ኩነት ኩይኑ ንዘይለኻዮ ወይ ዝመደብናዮ ዕላማ ክንጭብጦ ዘይምኽኣል'ዩ።

እቲ ዝወደቐ ሰብ ብዙሕ ተመኩሮን ፍልጠትን ይድልቡ፣ ምኽንያቱ ሓደ ሰብ ኣነ ምሉእ ሰብ'የ ዝብል እንተ ኾይኑ ክምዕብል ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ድሩት'ዩ። እቲ ብውድቀታቱ ከይተሰናበደ ብቐጻሊ ዝፍትን ሰብ ግን ካብ ውድቀታቱ ብዙሕ ተመኩሮ ስለዝድልብ፣ ብሉጽ ምዕባለ ከመዝግብ ኣይጽገምን። ውድቀት እምብኣር፣ ሓደ ካብ ቀንዲ ባህርያት ዕዉታት ሰባት'ዩ። ዕዉታት ሰባት ኣብ ውድቀት ዘለዎም ኣረኣእያን ርድኢትን ካብ ናይ መብዛሕትኡ ሰባት ዝተፈልየ'ዩ።




ቶማስ ኤዲሰን "ነፍሲ ወከፍ ውድቀት ወይ ዘይዕወት ፈተነ፣ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት እያ ተሰጉመኒ" ክብል ኣብ ውድቀት ዘለዎ ዘይነጽፍ መትከሉን እምነቱን የርእየና። ኣብ ውድቀት ከምዚ ዓይነት ኣጠማምታ እንተ ሃልዩና፣ ዘይንዕወተሉ መንገዲ ኣይክህሉን'ዩ፣ ነፍሲ-ወከፍ ውድቀት ገለ ነገር ይምህረና'ዩ። ንጉድለታትና ተዓዚብና ጥራይ'ውን ክንመሃረሉም ንፈትን። ዝጠዘለ ጌጋታት ዝፍጽም ሰብ፣ እቲ ዝበልሓ ከም ዝኾውን ጥራይ ዝክር። ጌጋታትና ከይንደግሞም ምጥንቃቕ ግን ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። እቲ ምንታይሲ ዘይስሩምምባራውን ብሕማቕ ዘጠምተናን ስለዝኾኑ።

ስለዚ ብመጀመርያ ነቲ ኣብ ኣእምሮና ዘሎ ቃልሲ ክንስዕር ይግባእ። ኣብ ኣእምሮና እንተ ተሳዒርና፣ ኣብ ባይታ'ውን ከም እንስዕር ርዱእ እዩ። ስለዚ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ቃልሲ ከይተዓወትናሉ፣ ኣብ ባይታ ምፍታን ትርጉም-ኣልቦ እዩ። ብዙሕ ግዜ ብምውዳቐይ ሰብ እንታይ ክብለኒ'ዩ ኢልካ ንሽገራት ካብ ምፍታንም ኣይትሓንግደ። ሰብ ዝበለ ይበልን ክንዲ ዝወሰደ ግዜ ይውሰድ፣ ፈትን። ሓደ ግዜ ኣብ ህይወትካ ክትዕወተሉም ምኽንካ እምነት ይሃልኻ፣ ውድቀት ተዓንቂፍካ ሰንከልከል ትብለሉ ኩነት ኩይኑ፣ ዚያዳ ሓይልን ሞራልን ዘሰንቕ ዕድል ገርና ክንጥምቶ ይግባእ። ውድቀታትና፣ ናብ ዓወት ዘምርሑና መገድታት ገርና ንወስዶም። ውድቀት ዚያዳ ዘማሓይሸን ዘማዕብልን ኩነት ምዃኑ ንዘክር። እዚ ርድኢት'ዚ ከማዕብል እንተ ክኢልና ጥራይ ኢና፣ ከም'ቶም ንዘኽሳ ዓይነት ሽግራት በዒህም ዕዉታት ክኾኑ ዝኸኣሉ ውሑዳት ሰባት ዓለምና ክንክውን ንኽእል።

## ብዛዕባ ፍርሒ



"እቲ እንኮ ክንፈርሖ ዘለና፣ ፍርሒ ንባዕሉ እዩ"- ፍራንክሊን ዲ ሩዝቨልት።

ፍርሒ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ስምዒታት ደቂ ሰብ እዩ። ፍርሒ፣ ደቂ ሰብ ድሌታቶም ኮነ ሕልምታቶም ግሁድ ንኸይገብሩ ዝዓግት ዓንቃጺ ባህሪ እዩ። ፍርሒ ብምንታይን መዓስን ከም ዝፍጠር ብንጹር ዝገልጽ ምኽንያት እኳ እንተ ዘየሎ፣ ፍርሒ ብብዙሕ መዳያት ክፍጠር ወይ ክቀሳቐል ይኽእል እዩ። ፍርሒ ካብ ውድቀት፣ ፍርሒ ካብ ጌጋ ምፍጻም፣ ገለ ድማ ፍርሒ ጥፍና ...እቶም ንፍርሒ ከም ማጠሪ ዝዕብዩ ነገራት እዮም። ፍርሒ ብዘወሳኺ ከም ብርቱዕ ስምዒት ኩይኑ፣ ኣእምሮኣውን ኣካላውን በሰላ ከውርድ ይኽእል። ብቐልል ዝበለ ኣገባብ ፍርሒ ኣብ ስምዒትካ ኣትዩ ኣብ እተተግብሮም ነገራት ኮነ ውሳኔታት ብኣሉታ ዝጸሉ እዩ። ፍርሒ ሽሕ'ኳ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘለዎ ጉዳይ፣ ስምዒት እንተ'ኾኑ፣ ብልክዕ እንታይነቱን መንቀሊኡን እንተ ተለልዩ ንምውጋዱ ኣዝዩ ቀሊል'ዩ። ገለ ካብቶም ናይ ፍርሒ ስምዒታት ንምውጋድ ዘኽእሉ ሓሳባት፦

- ዝጋጥሙኻ ነገራት ብጭብጥታት ምርኣይ።
- ነቲ ዘፍርሓካ ነገር ብልክዕ ንዑበሻካ ከየታለልካ ዘርዝር። ብድሕሪ'ዚ ድማ ዝጋጠመካ ነገር ብልክዕ ፈሊጥካ ጭብጥታቱ ድሕሪ ምርግጋጽ፣ ሃዲእካ ምትግባር።

ዝኾነ ኣብ ሳዕሊ ዝተጠቕሱ ነጥብታት ኣብ ግምት ብምእታው ካብ ዘጋጥመካ ፍርሒ ክትገላገል ትኽእል።

መብዛሕትኡ ግዜ ፍርሒ ኣብ ሓሳብውን ግምታውን መድረኽ'ዩ ዝኸሰት። እዚ ማለት ኣብ ዘጋጥም (ክወን) ወይ ዘየጋጥም (ዘይክወን) መድረኽ ማለት'ዩ። እንተ'ኾነ ግን ዝጠዘለ ግምታዊ ፍርሒ ክውንነቱ ኣዝዩ ጸቢብ እዩ። ሳይንሳዊ መግለጺ ከም ዝሕብሮ ፍርሒ፣ መብዛሕትኡ እዋን ምስ ናይ ኣእምሮ ሆርሞናት ምትሕሓዝ ዘለዎ ኩይኑ፣ ኣብ እዋን ፍርሒ ወይ ጭንቀት ድማ፣ እቲ ግዳይ ብዘይካ እቲ ዘጨንቖ ነገራት ካልእ ንኸይሓስብ ይግደድ። እንተ'ኾነ ብዙሓት ናይ ስነ ልቦና ክኢላታት፣ ፍርሒ ማጠሪ ዘይብሉ ኣብ ኣእምሮ ደቂ ሰብ ወትሩ ዝመላለስ ናይ ስምዒት ኣምሮ'ዩ ብምባል ይገልጹ።

## ጋስ ሃሊ



ደጋፊ ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ዝኾነ ጋስ ሃሊ ንዋንጫ ዓለም ብፍሉይ ዝበለ ኣገባብ እዩ ዝከታተሎ።

ንሱ ካብ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ዋንጫ ዓለም እትሳተፍ ሃገር ሓንቲ በራ ይዕድግ።

እታ ጋንታ ካብቲ ውድድር ምስ እትግለፍ ወይ ምስ ትእሉ "ደሓን ከዂ" ብምባል ናይ መፋነዊ በራ ናይታ ሃገር ይሰቲ። ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ካብ ኩለን እተን እተሳተፋ ሃገራት 32 ዓይነታት በራ ኣኪቡ።

ጋሱ "ናይ ገለ ሃገራት በራታት ብቐሊሉ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ፣ ብኣንጻሩ ግን ናይ ገለ ሃገራት እቲ ልክዕ በራ ንኽትረኽቦ ትጽገም ኢኻ" ብምባል እዩ ዝገልጽ። ኣብ 2026 ዝካየድ ዘሎ ዋንጫ ዓለም 48 ሃገራት፣ 48 ዓይነታት በራ ብምእካበ'ዩ ናይ ነፍሲ ወከፍ ካብቲ ውድድር ዝተገለፈት ሃገር በራ እናሰተየ ዝከታተሎ ዘሎ። ሓንቲ ጋንታ ክትእለ እንከላ ከኣ ንጥዕና ይግበረልኪ እናበለ'ዩ በራ ናይታ ሃገር ዝጭልጦ። መብዛሕትኦም ደገፍቲ ኩዕሶ እግሪ ንዋንጫ ዓለም ጥንዴራ፣ ማልያ ኮዕሶ እግርን ሒዞም እዮም ዝከታተልዎ።

ጋስ ሃሊ ግን በራታት ዝመልኣ ፍሪጅ ሒዙ እዩ ዝዕዘቦ።

## ንጋድም

1. ኣብ ገጠር ዝሰራሕ ስራሕ
4. ኣፍኮሰ፡ ኣየሩ ኣውጽአ
7. ላም ክረብሕ ከሎ
9. ቅድሚ መርዓ ዝግበር ጽንብል
10. መሓድሮ ከብቲ ወይ ማል
11. መንግስተ ሰማይ፡ ዘሐጉስ ነገር
13. ሕጊ፡ መምርሒ
15. ንኣምላኹ ኣምለኸ
17. ጥዑም ዝሸትት ከም መመቀሪ ኣብ ፓስታ ዝኣቱ
19. ኣመዓራረየ፡ ኣመሓየሸ
21. ኣዕነወ፡ ኣብረሰ
23. ኣብ ማይ ተቐመጠ
27. ቀልቀል ከብቲ
28. ድቂ ዝሓዘት ላም
30. ብሰንኪ ርስሓት ካብ ዝመጽኡ ሕማማት
32. ምሉእ ሓሳባት ዘቑሙ
34. ብፍጹም ምባል፡ ቶባእ ምባል
36. መስርሒ ገዛ ዝኸውን ጥረ ነገር
38. ሳዕስዒት
41. ኣብ መንጎ ክልተ ዝግበር ናይ ዝርርብ ውድድር
43. ንጽሑፍ ብውሽጥኻ ምድጋም
44. ስም ጓል ኣንስተይቲ
46. ቅዲ፡ ታክቲክ
47. ዝሓሰብካዮ ምስማር፡ ዕላማኻ ምውቃዕ
49. ህይወት፡ ንኽትነብር እትጽበዮ
50. ንኣደይ ሓብታ
51. ኣላይና፡ ካባና ዝዓቢ ሓብሓቢና
53. ፍትሓዊ፡ ቅኑዕ
54. ስጉግ፡ ንዮው በሎ፡ ኣርሕቆ
55. ከብቲ ዝሕሉ

## ንትኹል

1. ውላድ ጤል
2. ጋርድ፡ ከልክል
3. ፍልሰት፡ ምስዳድ
4. ዘሐጉስ ዜና ነገረ
5. ካልእ ግዜ ከምዘይደግም ኩነ
6. መዓልቲ ሰማእታትና ዝኽበረላ ወርሒ
8. ክብረት፡ መዓርግ፡ ግርማ
12. ብርትዐ፡ ጥንካረ
14. ንመስርሒ ክዳን ዝኸውን
16. ገምገመ፡ መዘነ
18. ንጽል፡ በይኑ
19. ጠባይ፡ ኣደብ፡ ባህሪ
20. ምናት፡ ኢድ
21. ማሕበርተኛታት፡ ደቂ ማሕበር
22. ቀይሕ ፈሳሲ ኣካልና
24. ቀንዲ፡ ኣዚዩ ኣገዳሲ
25. እውን፡ ድማ
26. ንኣድጊ ክንሰጉግ እንብሎ
27. ኣብ በረኻ ካብ ዝበቑሉ ኣትክልቲ
29. ገረብ
31. ህዱእ፡ ጠባየኛ፡ ስርዓት ዘለዎ
33. ካብ ማዕረግ ሓደ
35. ብጻይነት፡ ምሕዝነት (ምፍጣር)
37. ሓኾት ምባል፡ ምስራሕ፡ ህርኩትና
39. ንሱ ሂቡ፡ ንሳ ____
40. ድፍረት፡ ፍርሂ ምውጋድ
41. ካብ ገጠራዊ ናብ ከተማ ምቕያር
42. ሕንጻጽ ንምስራሕ እንጥቀመሉ
45. ጫቑጫቑ፡ ዕግርግር
48. ኣጥረየ፡ ከምዝህልዎ ገበረ
50. መብሰሊ መግቢ
51. ካባና ንዝዓቢ እንጽውዓሉ
52. ኣብ ባሕሪ ዝነብር ፍጡፍ

## ሕቶ ዝተመሳቐለ ቃላት



መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ጥቕስታት መዛነዩ

- "ኣብ ህይወት ብዙሕ ፈተነታት ከጋጥመካ'ዩ፣ ንዑበሻካ ንኽትስዕር ፈጺምካ ኣይትፍቀደላ" - **ማያ ኣንጀሉው**
- "እቲ እንኮ ዘይከኣል ጉዕዞ እቲ ፈጺምካ ዘይጀመርካዮ እዩ"- **ቶኒ ሮቢንስ**
- "ዕላማ ህይወትና ሕጉሳት ንምዃን እዩ"- **ዳላይ ላማ**
- "ብርእሰ ተኣማንነት ናብ ኣንፈት ሕልምኻ ስጉም! ከምቲ እትሓስቦ ህይወት ከኣ ንበር"- **ሄንሪ ዴቪድ ቶሮ**
- "ሕልምኻ ጋህዲ ክትገብር እንተ ደሊኻ፣ እቲ ቀዳማይ ክትገብሮ ዘለካ ነገር፣ ምብርባር እዩ" -**ጆይኤም**
- "ዘይተፈተነት ህይወት ጣዕሚ ህይወት ብዘየገድስ ኣይተስተማቕርን እያ" - **ሶቅራጦስ**
- "ኣብ ህይወት ከምቲ እትኣምኖ ኢኻ ትኸውን"- **ኦፕራ ዊንፍሪይ**
- "ንቐቡል ነገር ዘይኩነሉ ነቲ ቅኑዕ ዘበለ ጀምሮ"- **ፍራንዝ ካፍካ**
- "ክሳብ ንዘኸሩኻ ሰብ ክተውድቐ ኢልካ ዝተበጸሐ፣ ገለ ክፋል ህይወትካ'ውን ምስኡ ወዲቓ ኣላ ማለት'ዩ። እዚ ድማ ኣብ ህይወትካ ከምቲ እትሓልኖ ዕብየት ክተመዝግብ ኣይትኽእልን ኢኻ ማለት እዩ"- **ማርያን ኣንደርሰን**

# ርእይቶ

## ብኽያትን ፈኸራን ብልጽግና

ሰላም ኣርዓዶም

ብልጽግና ብሓይልታት ግዳም ተኣዚዙ፡ ብቐንዱ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኢትዮጵያ፡ ብላዕላይ ደረጃ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ጎረባብቲ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ መትሓዚ ዝተሳእኖ ኩናታት ኣባሪዑ፣ ባዕሉ ብዘኣጎዶ ሓዊ ይቕምርር ኣሎ። ናብቲ ዓሰቢ ክሕደቱን ክድምናኡን ዝኾነ ዘይተርፍ ውድቀት እምብዛ ይሃጽጽ ከምዘሎ ድማ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ንኹሉ ንጹር እዩ።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ኣርዓዲን ህወጽን ሃዋህው፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሓለፍቲ ናይቲ ጉጅለ፡ ዕለታዊ ናብ መድረኽ እናወጹ፡ ብኽያትን ፈኸራን ክሓዋወሱ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብኣንክሮ ይዕዘብ ኣሎ። ዋይታን ጭደራን መራሕቲ ብልጽግና፡ ሄንሪ ፍለሚንግ ንዝተባህለ፡ “ቀይሕ ኣርማ ትብዓት” (The Red Badge of courage) ኣብ ዘርእስታ ብኣመሪካዊ ስቲፈን ክረይን ዝተደርሰት መጽሓፍ ንዘሎ ጠባይ የዘኻኽር።

ሄንሪ፡ ኣብ እዋን ኩናት ሓድሕድ ኣመሪካ፡ ብምሒር ራዕዲ ካብ ቦታ ኩናት ሃዲሙ፡ ኣብ ዓዱ ዝተሓብአ መንእሰይ ወተሃደር እዩ። ሃዲሙ ብምምጽኡ፡ ኣብቲ ዝነበረሉ ኮም ብሕፍረት ምሽምቓቑ ከይኣኽሎ፣ እቲ ኩናት መመሊሱ ናብኡ እናቐረበ መጸ። ሄንሪ ኣብ መወዳእታ ክቆጻጸሮ ብዘይክኣለ ፍርሒ ኣእምሮኡ ይስሕት። “ክዋጋእ እየ! ክዋጋእ እየ!” ኢሉ ብዓውታ እናፈከረ፡ ዓይኒ ብልዩ ስኢ ብለይ ናብ መጋርያ ውግእ ይድቕደቕ።

ግዜ ስንብታ እናተቓረበ ብዘመጸ፡ ብልጽግና ኣብ ከምኡ ዝዓይነቱ ስሕታን ኣእምሮን ዕቡዳንን ዝበጽሐ ይመስል።

ንፍሽኽታ!

ገለ ካብቲ መልቀስን ፈኸራን ዝሓዋወሰ ብህሎታት መራሕቲ ብልጽግና፥

- እዛ ሃገር ካብ ኩናት ኣየዕረፈትን፣ ሃይለስላሴ፡ ደርግ፡ ወያነ ኣብ ኩናት እዮም ኣሕሊፎሞ። ንሕና እውን ኣብ ኩናት ኢና ዘለና። ብኩናት ዝጠፍአ ሃብቲ ናይዛ ሃገር ጸብጺብካ ኣይውዳእን። ኣብ ኩናት ዝባኸነ ሃብቲ፡ ነዛ ሃገር ኣበይ ሙብጽሓ! ኩናት ብዘይካ ዕንወት ካልእ ኣየምጽኣልናን። ካብዚ ዓንኬል’ዚ ብኸመይ ንወጽእ ተላዚብና ፍታሕ ክንረክብ ኣለና።

- ዝበዝሑ ከባቢታት ሃገርና ሰላም’ዩ ዘሎ። 50 ሚልዮን ህዝቢ ወጺኡ ምርጫ ብሰላም ከካይድ ምኽኣሉ፣ መርኣያ ናይቲ ኣብዚ ሃገር’ዚ ዘሎ ዝተኣማምን ሰላምን ጸጥታን እዩ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ከምዚ ዓይነት ጺጋ ብቐሊሉ ዝርከብ ኣይኮነን።

- ምርጫ ንምዕንቃፍ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ብጽንፈኛታት ዝተሃቀነ ዕንቅፋታት ነይሩ፣ ግን ኣብርዒንናዮ።

- ብሰንኪ ጸገማት ጸጥታ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ካብ ደብረማርቆስ ናብ ደጀን ወይ ባህርዳር ምኻድ ኣብ ዘይክኣለሉ ኩነት ተበጺሑ ዘሎ። ሰባት ተንቀሳቒሶም ዕለታዊ ስርሖም ዘይሰርሑሉ ሃዋህው ምፍጣሩ ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ።

- ኣብ ወተሃደራዊ ዓቕምና ፍጹም ዘሰክፍ የብልናን፣ ምሉእ ምትእምማን ኣለና። እዚ ናይ ቁንጣሮ ጽንፈኛታት ዘይረብሕ ምንቅስቓስ፡ ካብ ፖሊስን ምልሻን ዝሓልፍ ኣይኮነን። ሃኒጽናዮ ዘለና ሰራዊት ንካልእ ዝዓበየ ሃገራዊ ስግኣታት ዝተዳለወ እዩ።

- መንግስቲ ሱዳን፡ ኣብ መሬቱ ናይ ትግራይ ሓይሊ ኣዕቍቡ፡ ንወራር የዳልዎም ኣሎ፣ ብወልቃይት መጥቃዕቲ ከይጀመሩ ኣይተርፉን። ህዝቢ ትግራይ ክሳብ መዓስ ኢኻ ኣብ ኩናት ክትነብር፤ ደቅኻ ንሱዳን ተሸይጦም፣ ኣብ ጎድኒ ሰራዊት ሱዳን ተሰሊፎም ይሞቱ ኣለዉ።

- ኣብ ከባቢና ዘሎ 5000 ኪ.ሜ. ገማግም ባሕሪ ጸጥታኡ ከነውሕስ ዓቕሚን ብቕዓትን ኣለና። እንተኾነ ኣብ ዞባ ምብራቕ ኣፍሪቃ ጸለውቲ ከይንኸውን ካብ ቀይሕ ባሕሪ ከርሒቑና ዝደልዩ ሓይልታት ምስ ናይ ውሽጢ ባንዳታታት ተሓባቢሮም ሰላምና ንምዝራግ ለይቲን መዓልቲን ይጽዕሩ ኣለዉ።

- ህዝቢ ጉጃም፡ ብግዜ ሃጼ የሃንስ እንታይ ዓይነት በደል ከምዝወረዶ ይፍለጥ እዩ። ፋኖ፡ ምስቲ ቀንዲ ጸላኢ ኣምሓራ ዝኾነ ወያነ ምሕዝነት ፈጢሮም፣ ወተሃደራዊ ስርሒታት ንምውህሃድ ተሰማሚዖም ኣለዉ።

- ወያነ ምስቲ ቀንዲ ጸላኢ ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ሻዕብያ ጽምዶ ፈጢሮም ኣለዉ።

- ጽምዶ ከይተበገሰ ኣብርዒንናዮ ኢና። ሕጂ ዝጽመድ ብዕራይ የሎ፡ ዝጽመድ ሰብ የሎ።

- ሕጂ እውን ደጊምና፣ ኣብ ክልል ኣምሓራ ንዘለው ዕጡቓት ናብ ሰላም ክመጽኡ ንምሕጸኖም፣ ሰላም እዩ ዝሓይሽ፣ ምስ ዝኾነ ኣካል ሰላም ንምፍጣር ክንዘራረብ ድሉዋት ኢና። ኑቶም ኣብ ትግራይ ኮይኖም ጸገም ዝፈጥሩ ዘለዉ እውን እንተኾነ ናይ ሰላም ኣእዳውና ዝርጉሕ እዩ።

- ኣይኮነን’ዶ ትግራይ፡ ኤርትራን ሱዳንን፣ ካልኦት እውን ተደሪቦም እንተመጹ፡ ሓንቲ ክገብሩና ኣይክእሉን እዮም።

- ሎሚ ኩናት ተቐይሩ እዩ። ጠበንጃ ተሓንጊጥካ ኣብ በረኻ ኩሉል ምባል ቀደም ፋሽኑ ዝሓለፎ እዩ። ዘመኑ ዘመን ‘ዲሽቃን ክላሽንን’ ኣይኮነን። ዓጢቕናዮ ዘለና ቴክኖሎጂ ኣዝዩ ዝተራቐቐ እዩ። ከምቲ ቀደም ክንቁምል፣ ጥላም ወዲና ክንዋጋእ ኢና ኢልኩም ንዝሓስቡ፡ ‘ኣይክኣልን እዩ፣ ኑብሰኹም ኣይተሕስሙ’ ጥራይ ኢና ንብሎም።

- ወያነን ሻዕብያን ከም ሓጺንን ለዓትን ናይ ፋስ እዮም፣ ዒላማና ፋስ ሒዛ ናብ ዘላ ኢድ እዩ።

- በዚ ዘይረብሕ ንኣሽቱ ተቓውሞታት ክንፈርስ ዝጽበዩ እንተለዉ፣ ተስፋ ይቖረጹ፣ ኣይንፈርስን ኢና። ቦኮ ሓራም ካብ ዘበሃል ክንደይ ኮይኑ፡ ንናይጀርያ ኣየፍረሳን።

እዚ ሓደት ኣብነታት ካብቲ ብዙሕ ሃለውለዋት እዩ። ከምዚ ዓይነት ካብ ንግሆ ንምሸት ንሓድሕዱ ዝጋጮ መግለጺታት፡ ካብ ጥዑይ ኩነተ ኣእምሮ ክውጽእ ዝኽእል ኣይኮነን። ውሽጣዊ ጭንቀትን ተስፋ ምቝራጽን ናይቲ ጉጅለ ንዘፈልጥ ከኣ ክምስ ዘብል እዩ።

## ርግኣት ሓይሊ’ዩ

ER MEDIA

ዝተጨነቐ ኣእምሮ ከመዝበን ከም ዘይክእል ብቐሊሉ ክንሰማማዕ ንኽእል ኢና። ዝተጨነቐ ኣእምሮ፡ ይትረፍ ዘጨንቐ ዓቢ ብደሆ ገጢሙዎ ተራ ፍጻመ’ውን መሊሳ’ያ እተጨንቐን እትደህለን። ስለዚ፡ ጭንቀት ዝመርሖዎ ሕብረተሰብ ኣብ ጭንቀት ክነብር ይግደድ። ጭንቀት፡ ዘይከውን ሕልሚ ትሓልም’ሞ ሕልምኻ ምስሮጽ ምስ ኣፀባ ይኽሰት። ጭንቀትካ ንምፍዋስ፡ ካብቲ ዘይከውን ሕልሚ ኣብ ክንዲ እትብራብር፡ መሊስካ ዝገደደ ሕልሚ ትሓልም፣ ክትፍጽሞ ድማ ህርድግ ትብል። ሰብ ሓቂ ኣብ ሓቆም ስለ ዘጸንዑ፡ ሕልምኻ ኣይሰምርን። መሊስካ ትጭሞቕ። ቅድመኻ ተመሳሳሊ ሕልሚ ሓሊሞም ዝደዩ፡ ዝጠፍኡ፡ ዝጠፈሹ፡ ኣብ ናይ ታሪኽ ጉሓፍ ዝተደርበዩ ከም ዘለዉ እናፈለጥካ፡ ተመሳሳሊ ሕልሚ ትሓልም። ሰብ ካብ ሕሉፍ ጌጋኡን ጌጋ ካልኦትን ስለ ዘይመሃር’ዩ ኣብ ተደጋጋሚን ተመሳሳልን ጌጋ ዝነብር ዝበሃል ከምዚ ስለ ዘጋጥም’ዩ። ታሪኽ ነፍሱ ይደግም ዝበሉዎ’ውን በዩም ካብ ታሪኽ ዘይመሃሩ ዝፍጽም ተመሳሳሊ ጌጋታት ንምግላጽ’ዩ።

“ሕልሚ ደርሆ” ክበሃል ሰሚዕና ንኸውን። ዝይከውን ነገር ድማ’ዩ “ሕልሚ ደርሆ” ዝበሃል። ሕልሚ ደርሆ ኩሓልሙ ደርሆ ዝተቐየሩ ብዙሓት’የም። ደርሆ ተቐዪርና ኢሎም መሊሶም ጭንቀት ስለ ዘውሰኹ ከኣ ካብ ደርሆ ናብ እንቋቝሖ፡ ካብኡ ናብ ንፋስ... እናበሉ ናብ ጥፍኣቶም የብሉ። ሕልምኻ ሓቂ ከተምስል ብተደጋጋሚ ዝሓሰኻዮ፡ ተመሊሱ ሓቂ ኮይኑ ስለ ዘስምዓካ ጭንቀትካ ይዛይድ’ምበር ኣይንክዮን።

ንሓደ ሕብረተሰብ እምበኣር “ርጉእ ኣእምሮ” ዘውንኑ ክዉንነታውያን ሓሳብቲ መራሕቲ እዮም ዘድልዩዎን ዘኑብሩዎን። መሬት እንክትጸበብ ከምህ ናይ ዘይምግባል ባህሊ ዝሃለጸ ሕብረተሰብ ኣብ ሓቑን ምስ ሓቑን ይነብር። ብታህዲድ ተዳሂሉ ሕልሚ ካልኦት ኣየሳስን፤ ፈኸራታት፡ ተዋስኣታት፡ ውዲታት ምስ ዝሸመሩ ኣይዕበሎኽን። ካብቲ ጸንዕ ሓዳድ ማስመሩ ምንቕ ከይበሉ ንኹሉ ደርናታት ይጋልህ። ኣብ ተሃዋጺ እዋን ርጉእ ኣእምሮ ምውናን ዝዓበየ ምንጪ ዓወት ሓደ ሕብረተሰብ’ዩ። ሰብ ክብርሞ፡ ክደሃል፡ ክናወጽ፡ ክርዕድ... ርጉእ ኢሉም ዝሓሰበ፣ ክጽዑ’ቲ ዘናውጽ ኩነታት ዝርእዩ... ካድረታት ዘፍረየ ህዝቢ፡ መንነቱን ሓይሉን ዓቂቡ ይቕጽል። እዚ ትዕድልቲ’ዚ፡ ኣብ ታሪኽ ዝተሃንጸ ብፈተነታት ተፈቲኑ ዝተኸልዐ ኮይኑ፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ከም ውርሻ ምስ ዝሰጋገር፡ ሓይሊ ህላወ ይፈጥር።

ከሉ’ቲ ህዝቢ ኤርትራ ዝበደሆ ዝተሓላለኸ መሰናኽላት፤ ወራራት፡ እገዳታት፡ ጸጥታውን ቁጠባውን ሽርሒታት፡ ዝርያን ብርያን ሳላ ርግኣቱ’ዩ። ሓለምቲ ዝሓልሙ ይሕልሙ፡ ሕልሞም ከተግብሩ እልቢ ይሞሩን ይዳለዉን ኣብ ሓይሊ ርጉእ መንፈሱ እዩም ዝስተዩ፤ ኣኽላባት፡ ኣዛብእ፡ ወኻሩ... ይኑብሑን ይወጭጨጩን ገመል ጉዕዞኡ ይቕጽል።

## እህህታ ብስዕረት ዝተሃሰየ ስነ ልቦና

ER MEDIA

ሎሚቅ፡ ካብ ስዕረትን ስነ-ልቦናዊ ማህሰይቲን ዝመንጨወ ቃንዛ ስዑራት፡ ኣይ ደቂ-ትግራይ ኣይ ኢትዮጵያውያን ሓዲግ ካብ ዝተረፉ ሰባት እህህታ ክሰማዕ ቀንዩ። ዘጋጠሞም ውርደትን ዝሕደረሎም ስነ-ኣእምሮኣዊ ቁስልን ክጽግኑ እዮም ዝፍትኑ ዘለዉ። እዞም ብናይ ስዕረት ቂምታን ስንባደን፡ ብገንዘብን ሽመትን ብርካሽ ተሸሚቶምን ተደፊኦምን ኣገልገልቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ብልጽግና ዝኾኑ ውሑዳት ተጋሩ፡ ኑቲ ኣንጻር ስርዓት ብልጽግና ገጢሙ ንፍትሕን ሓርነትን ዝቃለስ ዘሎ ሓፋሽ ህዝቢ ትግራይ ዝውክሉ ኣይኮኑን። ብስም ተጋሩን ትግራይን ይቑዘሙን ይሽቅጡን ምህላዎም ድማ ከገርም የብሉን። ብቂምታ ዝምራሕ ፖለቲካ ስዑራት ሰብ-ስልጣን ነበር፡ ናይ መወዳእታ ዕማኤ ስዕረት ምኳኑ ግን ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ስርዓት ብልጽግና ግን ስለምንታይ’ዩ ስዑራት፡ ምሩኻት፡ ብህዝቦም ዝተነጸሉን ፋንፋናትን ዝኣኻኽብ ክለዓል ዘለዎ ሕቶ’ዩ። ካብ ወተሃደራዊ ኣዘዝቲ ክሳብ እቶም ብሰንኪ እቲ ናይ ትግራይ ኩናት ጉልባቦም ዝተቐልዐ ሸዩጣት፡ ሓያለ ካብኦም ብኤርትራ ዝተማረኹ፡ ዝተሳዕሩን መልሓሶም ዝሓየኹን’ዮም። ኩሎም ዝተፈላለየ ድሕረ-ባይታ ዘለዎም’ኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ታሪኻዊ መድረኻት ብፖለቲካዊ ጥበብ ኮነ ብወተሃደራዊ ክእለት ኤርትራ ዝተሳዕሩ ብምዃኖም ግን ሓደ እዮም።

ጉጅለ ብልጽግና ነዞም ስዑራትን ቂምተኛታትን ኣራርዩ ከም መጋበርያ ክጥቀመሎም ዝደለየሉ ምኽንያት ብቐንዱ፡ ኑቲ ኣንጻር ኤርትራ ዘለዎም ሕዱር ቂምታን ውሽጣዊ ቁስልን ክጥቀመሉ ስለ ዝደለየ’ዩ። ብሓቂ ከኣ ካብዞም ዓይነት ሰባት እዚኦም ንላዕሊ ንኩናት ተዓሚቲ ዝህንደድ ዓዋን ክረክብ ኣይክእልን እዩ። እቲ ካልኣይ ምኽንያት፡ ስዑርን ምሩኽን ዝነበረ ሰቡ፡ ኩሉ ግዜ መንፈስ ኑብሰ-ምትሓት ስለዘሳቕዮ፡ ኑቲ ስልጣን ዝሃቦ ጎይታኡ ዓይኑ መሊኡ ቁሊሕ ክብል ከምዘይክእል ስለ ዝፈልጥ እዩ።

ኤርትራ ነዞም ትማሊ ኣብ ዓውደ-ውግእ ዘዋረደቶምን ቃሎም ዘዕጸፈቶምን ሰባት፡ ሕጂ ስንባደኦም ተላዒሉዎም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኮይኖም እንተፈከሩላ እዝኒ ኣይትህቦምን እያ። ከምቲ ልሙድ ክኑብሑ ይኽእሉ እዮም። ንኽምዚኦም ዝኣመሰሉ ገዓርቲ፡ እቲ ዝበለጸ መልሲ ኤርትራ ስቕታ እዩ።

ነዞም ወግሐ ጸብሐ እህህታ ስዕረት ዝቑዘሙ ክንብሎም እንኽእል ሓንቲ ነገር ጥራይ እያ። ንሕና ኤርትራውያን ሓይልናን ብቕዓትናን ኣብ ባይታ ኣርእዩናኩም ኢና። እዚ ሕጂ ትኻስዕዎ ዘለኹም ቃላት ዘጸናንዓኩም እንተኾይኑ ግን፡ ይጥቀምኩም እምበር ንኣናስ ትምልኡልና ይኹን ትንክዩልና የብልኩምን።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሄኖክ ተዓዊቱ

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ኣስታና - ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ ትማሊ ሰኑይ ንዝተኻየደት ሳልሳይቲ መድረኽ 'ዙር ማግሬፎንት ቺንግሃይ' ብብሉጽ ሸነ ሰዓቱ ተዓዊቱሉ።

ናይ ኣስታት 12 ኪሎሜተር ተረር ዓቐብ ሓሊፍካ እትዛዘም ዝነበረት እዛ መድረኽ፡ 167.7 ኪሎሜተር ሸፊና።

ሄኖክ ከኣ ኣብ ናይ መወዳእታ ሜትሮታት ምስኡ ንዝነበሩ ተቐዳደምቲ ብዘደምን ሸነ ሰዓቱ - ብ3 ሰዓት፡ 33 ደቒቕን 8 ካልኢትን ተዓዊቱሉ።

ናይ ዓሚ ዕዉት ብዮግን ቀጠልያን ማልያ ናይዚ ውድድር ዝነበረ ሄኖክ፡ በዚ ዓወት ኣብ ብዮጊ ማልያ ካብ መበል 13 ናብ ካልኣይ ሓኺሩ ኣሎ፣ ካብ መራሒ ከኣ፡ ሓንቲ ካልኢት ጥራይ ተፈንቲቱ ደርኩቡ።

ኣብ ቀጠልያ ማልያ'ውን፡ 20 ነጥቢ ኣኪቡ፡ ካብ መበል 26 ናብ ሻዱሻይ ደይቡ ኣሎ። መራሒ ዘሎ ኣሌክሳንደር ሳልቢ፡ 31 ነጥቢ ኣኪቡ ደርኩቡ።




ሰሉስ እትካየድ ራብዓይቲ መድረኽ፡ ተረር ናይ 20 ኪሎሜተር (HC Category) ዓቐብ ዘለዋን 195.7 ኪሎሜተር እትሸፍንን በዓሊት መድረኽ እያ።

እዚ መንእሰይ፡ ንቀጠልያ ማልያ ካብ 2023 ጀሚሩ ከየቋረጸ ክሳብ 2025 ተዓዊቱላ ኣሎ። ንብዮጊ ማልያ'ውን፡ ብዘይካ ኣብ 2024 ኣብ 2023ን 2025ን ተዓዊቱላ እዩ።

በዚ ድማ፡ እዚ ውድድር ኣብ 2023 ካብ 2.2 ናብ 2.ፕሮ ምስ ዓበየ መጀመርያ ዝተዓወተሉ ተቐዳዳማይ ዝኾነን ዘይጋገመሉን ሄኖክ፡ ናይ ዝሓለፉ ዓመታት ክብሩ ንምዕቃብ እዩ ዝቃለስ ዘሎ።

ጽቡቕ ዕድል!

## ክረምታዊ ቅድድም ብሽክለታ ፈሊሙ

ኣብ መንን 16 ምምሕዳራት ዞባ ማእከል ዝካየድ ክረምታዊ ቅድድም ብሽክለታ ማውንቴን ባይክ፡ ሰንበት 12 ሓምለ ኣብ ጸጸራት ከበቢ መቓብር ሓርበኛታት ፈሊሙ።

ፈለማ ምድብ ሐ (C) ተወዳዲሮም። ናታን እስቲፋኖስ ካብ ምም/ ገጀረት ድማ፡ ንኣድ ብርሃን ዩኤል ሓየሎምን ካብ በሪኽ፡ ሚልክያስ ዳዊት ካብ ጎዳይፍ፡ ኢዝኤል ሰለሙን ካብ ማእከል ከተማ፡ ናህ ሚካኤል ካብ ኣርባዕተ ኣስመራ በለጹ ቀዳማይ ኣትዩ።

ቀጺሉም ውድድር ዘካየዱ ምድብ ለ (B) ነይሮም። ኑቲ ሰላቢ ዝበረ ውድድር ከኣ፡ ስምኦን ጉብረማርያም ካብ ጋላ ነፍሒ ተዓዊቱሉ። ኪ. ሙሴ - ቲራቮሎ፡ እሰይ ዓንደማርያም - ሰምበል፡ ኣቤል ወልደሩፋኤል - ቲራቮሎ ፡ የናዳብ ሰመረ - ገጀረት፡ ያቀብ መርሃዊ - ሰምበል ተመራሪሖም ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም።

ተቐዳደምቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብሰለስተ ዕጽፊ ቁጽረን ወሲኸን ናብ 21 ክብ ኢለን ውድድር ኣካዪደን። ዲናር የናሰን ሩታ ሰለሙንን ካብ ጋላነፍሒ ድማ፡ ካብ መወዳደርተን ጽብለል ብምባል ተመራሪሐን ተዓዊተን። ፍርቱና ኣብርሃም - በሪኽ፡ ዲቮራ ሰመረ - ጋላ ነፍሒ፡ ማርታ ሰለሙንን ኤልያና ተኽሊትን ካብ ፓራዳዞ ከኣ፡ ካብ ሳልሰይቲ ክሳብ ሻዱሻይቲ ብምእታው ነጥቢ ተማቒለን።

ምድብ ሀ (A) ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ዘሰዕብዎ ውድድር ድማ፡ ክሩቤል ፈሊሞን ካብ ገጀረት ብቐጸቢታዊ ውድድር ተዓዊቱ ቀዳማይ ኣትዩ። ናህር ነጋሽ - ኣኽርያ፡ ሱራፌል ተኽለማርያም - ጎዳይፍ፡ የናታን ዳዊት - ገዛ ባንዳ፡ ሄኖክ ሚካኤል - ጎዳይፍ፡ ክብሮኣብ መኮንን - ጋላ ነፍሒ ከኣ፡ ክሳብ ሻዱሻይ ብምእታው ነጥቢ ኣመዝጊቦም።

እዚ ውድድር፡ ሰለስተ መድረኽ ዘጠቓልል ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክብት ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።



## ዜና ብሓጺሩ

* ፒኤስጂ፡ ንተኸላኻሊ ኣስቶን ቪላ - ሉካስ ዲኚ ንምፍራም ኣብ ናይ ቃል ስምምዕ ምብጽሓ ተሓቢሩ።

* ማሪያኖ ራኾይ ዝስሙ ናይ ቅድም ቀዳማይ ሚኒስተር ስጳኛ፡ "ፈረንሳ፡ ብልጽቲ ጋንታ እያ፣ እንተኾነ ፈረንሳዊ ተጻዋታይ የብላን።" ክብል ዝሃቦ ሓሳብ ኣዛራቢ ኮይኑ።

ርእይቶ ናይዚ ስጳኛዊ፡ እዛ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026 በጺሓ ዘላ ጋንታ፡ ብኮልእ መበቆል ዘለዎም ተጻወትቲ ዝመልኣት ምዃና ዘረድእ እዩ።






ፈረንሳ፡ ዋንጫ ዓለም 2018 ምስ ዓተረት'ውን፡ ትረቮር ኖሃ ዝበሃል ህቡብ ኮሚድያን፡ "ኣፍሪቃ ዋንጫ ዓለም ዓቲራ" ክብል ምውዛዩ ይዝከር።

ንኣብነት ኣብዚ ሰሙን ካብ ዘለዉ ቀዳሞት 11 ተሰለፍቲ ናይዛ ጋንታ፡ ብዘይካ ራብዓትን ዲኚ፡ እቶም ዝተረፉ ትሽዓተ ተጻወትቲ፡ ናይ ካልኦት ሃገራት (ዝበዝሑ ናይ ኣፍሪቃ) መበቆል ዘለዎም እዮም።



## ሊግ ዞባ ማእከል ተዛዚሙ

### ቀይሕ ባሕሪ ብደቂ ተባዕትዮ ደንደን ብደቂ ኣንስትዮ ሻምፕዮን ኮይነን




ንልዕሊ ሽድሽተ ኣዋርሕ ክካየድ ዝጸንሐ ሊግ ዞባ ማእከል ክልተኡ ጾታ ናይ ዓመት ስፖርት 2025-26፡ ሰንበት 12 ሓምለ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ተዛዚሙ።

ሰዓት 11:00 ቅድሚ ቀትሪ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ደንደንን ኢንሹራንስን እየን ተራኺበን። ደንደን፡ ኣቐዲማ ሻምፕዮን ምዃና ኢንሹራንስ ከኣ፡ ካልኣይቲ ኮይና ምዛዛማ ስለ ዘፍለጠ፡ እዚ ግጥም ክጸሉ ናይ ክብሪ ኣብ ደረጃ ዝምጽኦ ለውጢ ኣይነበረን። ዓብላሊት ዝነበረት ደንደን ድማ፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ኣኽበረት ፍትዊን ክብረት ሓይልኣብን ኣብ ካልኣይ እብረ ከኣ፡ ብመገዲ ሄርሞን እዮብ ሽቶ ወሲኻ ብጠቕላላ 3ብ0 ተዓዊታ፡ ጸዋእ ኣልዒላ። 60 ሽሕ ናቕፋ'ውን ተሸሊማ።

ኢንሹራንስ፡ 40 ሽሕ ናቕፋ፡ ሳልሰይቲ ዝወጸት ጋንታ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ድማ፡ 30 ሽሕ ናቕፋ ተሸሊመን። ጎዳይፍ፡ ምስዮናት ጋንታ ተባሂላ። ተጻዋቲት ደንደን ኢሃም ዓብደልቃድር፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይቲ ውድድር ተባሂላ።

ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ውድድር፡ ሰዓት 1፡00 ድ.ቀ ኣዱሊስን ኣስመራ በራን ገጢመን። ኣብ ዝሓለፈ ጸወታኣ ንደንደን ዝሰዓረታ ኣስመራ በራ፡ ንኣዱሊስ'ውን ኣይመሓረታን። ኣብ መበል 24 ደቒቕ ብመገዲ ሳሜክ ማስፍን መሪሕነት ዘትሓዘታ ሽቶ ዘመዝገበት በራ፡ ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ናይ ካልኣይ እብረ ካብ የናታን ሄረኣብ ብዘረኸበታ ኣንዳሲት ሽቶ፡ 2ብ1 ተዓዊታ። ኣዱሊስ፡ ኣብ መበል 61 ደቒቕ ቢንያም ግርማይ ብፍጹም ቅላዕ ብዘመዝገቦ ሽቶ፡ 1ብ1 ኮይና ነይራ እያ።

ሳሜ፡ ናይታ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ናይ መዛዘሚ ግጥም ናይታ ዕለት፡ ደንደንን ቀይሕ ባሕርን ዘቶዳኣ ነይሩ። ቀይሕ ባሕሪ




ብ33 ነጥቢን 22 ጸብለልታ ሽቶን ሻምፕዮን ምዃና ኣረጋጊጻ። ወላ'ውን ንቀይሕ ባሕሪ እንተሰዓረታ ብልዕሊ 12 ጸብለልታ ሽቶ ክትረትዓ ዘይትኽእል ደንደን፡ ብ30 ነጥብን 10 ጸብለልታ ሽቶን ትስዕብ ነይራ። በዚ ከኣ፡ እቲ ጸወታ ክጸሉ ናይ ክብሪ ኣብ ደረጃ ለውጢ ዘፈጥር ኣይነበረን።

ደንደን፡ ኣብ 10ይቲ ደቒቕ ካብ ሚሮን ኣለም ብዘረኸበታ ሽቶ እያ፡ ቀልጢፋ መሪሕነት ሒዛ። ድሕሪ 11 ደቓይቕ ግን፡ ስምኦን ኣስመላሽ ካብ ነዊሕ ቀለዕ ሽቶ ብምቑጻር፡ ንጋንታ ቀይሕ ባሕሪ ናብ ዕረፍቲ ተመዓራርያ ክትወጽእ ኣኽኢሉዋ።

ስምኦን፡ ካልኣይ እብረ ሓንቲ ደቒቕ ጥራይ ምስ ተጻሕሎ'ውን፡ ሽቶ ወሲኹ ቀይሕ ባሕሪ 2ብ1 መሪሓ። ኣብዚ፡ ደንደን ኣብ ዝሓለፈ ግጥሚታት ዝተራእዩ ገለ ዘይስፖርታዊ ተርእዮታት ኣራማ ጽቡቕ ጸወታ ዘርኣየትሉ ግጥም፡ ብኣንጻሩ ተጻወትቲ ቀይሕ ባሕሪ ሓርፋፍ ጸወታ ብምኽታሎም፡ ጉዳይ ብዮግን ቀይሕን ካርድታት ኮይኖም።

ኣርባዕተ ሸሞንተ ብዮጊ ካርዲታት ንተጻወትቲ ቀይሕ ባሕሪ ዝተራእየሉ ጸወታ፡ ኣከፋፋሊ ዓብለሎም ተኸለዝጊ ብክልተ ብዮጊ ካርድ ኣብ መበል 66 ደቒቕ ካብ ሜዳ ተባሪሩ።

ንሱ ደሎ ተጻዋታይ ቀይሕ ባሕሪ ብዘዮዮ ዝመዛመዛዮ ደንደን፡ ኣብ መበል 85 ደቒቕ ካብ ኣከፋፋሊ ናህም ታደሰ፡ ኣብ ተወሳኺ ሽድሽተ ደቒቕ (90+6) ከኣ፡ ካብ ስምኦን ሃብተ ሽቶታት ረኺባ፡ ደንደን ድማ፡ ካብ ድሕሪት ተጠሪሳ 3ብ2 ተዓዊታ። ሚሮን ኣለም፡ ናይታ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

በዚ ወጽኢት፡ ክልተአን ጋንታታት ማዕረ 33 ነጥቢ እኳ እንተኣዋህለላ፡ ቀይሕ ባሕሪ ግን፡ ብጸብለልታ ሽቶ በሊጻ ሻምፕዮን ኮይና 75 ሽሕ ናቕፋ ተሸሊማ። ደንደን፡ 50 ሽሕ ናቕፋ፣ ኣዱሊስ 30 ሽሕ ናቕፋ ተሸሊመን።

ትሽዓተ ሽቶታት ዘመዝገበ ኣጥቃዓይ ቀይሕ ባሕሪ ስምኦን ኣስመላሽ፡ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ብምዃኑ ሽሕ ናቕፋ ተሸሊሙ። ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ድማ፡ ምስዮናት ጋንታ ምጃዋ፡ ህዝባዊ ርክብት ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ማን ዩናይትድ፡ ንቴለማንስ ኣፈሪማቶ

እንግሊዛዊት ክለብ ማን ዩናይትድ፡ ንኣከፋፋሊ ኣስቶን ቪላ - ዩሪ ቴለማንስ፡ ብ41 ሚልዮን ፓውንድ ከምዝፈረመቶ ተገሊጹ።

ኣብዚ ክረምቲ ማስመር ምክፍፋላ ከተሓይል ነቒላ ዘላ ማን ዩናይትድ፡ ንኢሊዮት ኣንደርሶን ካብ ኖቲንግሃም ከምኡ'ውን ንማቲያስ ፈርናንደዝ ካብ ዌስት ሃም ንምፍራም ፈቲና ነይራ። ይኹን እምበር፡ ኣንደርሶን ንማን ሲቲ፡ ፈርናንደዝ ከኣ ንቶተንሃም ብምምራጾም፡ መደባታ ፈሺሉዋ እዩ።

ዝሓለፈ ሰሙን ግና፡ ዝጀመረቶ ማስርሕ ምፍራም ኣከፋፋሊ ቸልሲ - ኣንድረ ሳንቶስ ሰሊጡዋ ብ50 ሚልዮን ፓውንድን ሓዲሽ ኣባላ ገይራቶ ኣላ።

እዛ ጋንታ፡ ካብ ምጅማር እዚ ክረምቲ ንኣከፋፋሊ ኣታላንታ - ኤደርሰን ከተፈርሞ ተሰማሚዓ ምንባራ ይዝከር። እንተኾነ እቲ ማስርሕ ኣብዚ እዋን ደው ኢሉ ብምህላው፡ ጉዳይ ናይዚ ተጻዋታይ ዛጊት ኣይተፈጸመን ዘሎ።

ዩናይትድ፡ ንብሉጽ ተጻዋታይ ኣስቶን ቪላ - ቴለማንስ ብምፍራማ ከኣ፡ ንማስመር ምክፍፋላ ዓቢ ሓገዝ ምዃኑ ይግለጽ። ናይ ፕሪመር ሊግ ልዑል ተመኩሮ ዘለዎ እዚ ወዲ 29 ዓመት በልጀይማዊ፡ ነዛ ጋንታ ኣብዚ ዝጅምር ሓድሽ ዓመት ስፖርት ዓቢ ኣበርክቶ ክገብረላ ትጽቢት ኣሎ።




## ዋንጫ ዓለም ካብ 64 ሃገራት . . .

ፕረዚደንት ኮንፌደረሽን እግሪ ዓለም ፊፋ ዝኾነ ጂያኒ ኢንፋንቲኖ፡ ዋንጫ ዓለም ደቂ ተባዕትዮ፡ ናብ 64 ሃገራት ክዕቢ ዝብል ሓሳብ፡ ድሕሪ ምዝዛም ዋንጫ ዓለም 2026 ክዕምዕም ምዃኑ ገሊጹ።

32 ሃገራት ሒዙ ዝካየድ ዝነበረ ዋንጫ ዓለም፡ ኣብ 2026 ናብ 48 ክብ ምባሉ ይፍለጥ። ኣብዚ እዋን ከኣ፡ ናብ 64 ሃገራት ክብ ዝብሉ ተኽእሎ እንተሃልዩ ክመያየጡሉ ምዃኖም፡ እቲ "እዚ ውድድር ንመላእ ዓለም ክኸውን ኣሎዎ" ዝበለ ፕረዚደንት ገሊጹ።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026

ፈረንሳ - ስጳኛ 10:00 ድ.ቀ

### ጽባሕ

እንግሊዝ - ኣርጀንቲና 10:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ኢራን፡ ንሃገራት ወሽመጥ ዓረብ ኣጥቂዓ

ኢራን፡ ኣብ ልዕሊ ባሕሬን፡ ኩዌት፡ ዮርዳኖስን መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመት ገለጸ።

እቲ መጥቃዕትታት፡ ኣመሪካ ኣብ ደቡባዊ ጎማጉም ባሕሪ ንዝፈጸመቶ ደብዳብ መልሰ ግብሪ ንምሃብ ዝዓለመ ምዃኑ ድማ ኣረጋጊጻ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኢራን ኣብ መላእ እቲ ወሽመጥ ንዘርከብ ትካላት ኣመሪካ ዒላማ ብምግባር፡ ነቲ ኣገዳሲ መጻብቦ ሆርሙዝ ዳግማይ ከም ዝዓጸወቶ ገሊጻ።



በዚ ድማ፡ እዚ ዳግማይ ተኻዒሉ ዘሎ ግጭት ንትግባረ ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ዝተኸተመ ግዝያዊ ስምምዕ ኣመሪካን ኢራንን ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእትዩዎ ከም ዘሎ፡ ጸብጻባት ኣመልኪቶም።

መጥቃዕቲ ኢራን፡ ናብ'ታ ኣብ ዝሓለፈ ሚያዝያ ንደሓር መጥቃዕቲ ዘይብጽሓ ኣብ ዝርርብ ምቁራጽ ተኹሲ ኣመሪካን ኢራንን መንጎኛ ኮይና ትሰርሕ ዝነበረት ቀጠር'ውን ልሒሙ ምህላዉ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ መንጎ ሃገሩን ኢራንን ዝተፈረመ ናይ ምርድዳእ ማዕቀፍ ከም ዘብቀዐ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ክእውጅ እንከሎ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ኣባስ ኣራግቺ ድማ፡ ኣመሪካ ነቲ ስምምዕ ከም ዝጠሓሰቶ ከሲሱ ነይሩ።

ሓለዋ ሰውራ ኢራን ብወገኑ፡ መጻብቦ ሆርሙዝ ዳግማይ ዝኽፈተሉ እንኮ መንገዲ፡ ወተሃደራዊ ምንቅስቓሳት ኣመሪካ ኣብ'ቲ መጻብቦ ደው ምስ ዝብልን፡ ልኡላውነት ሃገራት ምስ ዝኽበርን ጥራሕ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

## እስራኤል፡ ዝመጽእ ጥቅምቲ ሃገራዊ ምርጫ ከተካይድ ወሲና



እስራኤል፡ ዝመጽእ 27 ጥቅምቲ ሃገራዊ ምርጫ ከተካይድ ምዃና፡ ቀዳማይ ሚኒስተር በንያሚን ናታንያሁ ዝመርሖ ልፍንታዊ መንግስቲ ገሊጹ።

ኣቐዲሙ ዝተኻየደ መጽናዕትታት ናይ'ታ ሃገር ከም ዘመልክቶ፡ ናታንያሁ ዝመርሖ ልፍንቲ ሃገራውያንን ሃይማኖታውያንን ሰልፍታት ኣብቲ ምርጫ ትሑት ድምጺ ክረኽብ ትጽቢት ኣሎ።

ዋላ'ኳ ፖለቲካውያን መወዳድርቲ ናታንያሁ ስልጣን ክረኽቡ ዝኽእሉሉ መንገዲ እንተ ዘይብሎም፡ ፖለቲካዊ መልክዕ ናይ'ታ ሃገር ግና ክቕየር ከም ዝኽእል ይሕበር።

ኣብ መወዳእታ 2022 ናብ ስልጣን ዝተመልሰ ሕሉፍ የማናዊ ኣጠማምታ ዘለዎ በንያሚን ናታንያሁ፡ ድሕሪ ምምላሱ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ብ 7 ጥቅምቲ 2023 ብዘጋጠመ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ናይ ሓማስ፡ ኣብ ጸጥታዊ ኩነታት ሃገሩ ብትሪ ክነቕፍ ጸኒሑ እዩ።

ብዘወሳኺ፡ ሓያሎ እስራኤላውያን ብወጻኢት መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ኢራን ሕጉሳት ከም ዘይኮኑ፡ መጽናዕትታት ይሕብሩ።

መንግስታት ንዘወሰኾም ናይ 4 ዓመት ስልጣን ሳሕቲ ጥራሕ ምሉእ ብምሉእ ክዛዝሙ ኣብ ዝራኣየላ እስራኤል፡ ናታንያሁ ንዝዊሕ እዋን ነታ ሃገር ዝመርሐ ቀዳማይ ሚኒስተር ምዃኑ ይፍለጥ።

## ኤውሮጳ - ብምሒር ሙቐት ልዕሊ 10 ሽሕ ሰባት ሞይቶም

ኣብ ዝሓለፈ መወዳእታ ሰነ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ኤውሮጳ ዘጋጠመ ኩብረ ወሰን ዝሓዘ ማዕበላዊ ዋዒ፡ ልዕሊ 10 ሽሕ ሞት ከም ዘስዓበ፡ ወግዓውያን መረዳእታታት ናይ'ታ ሃገር ኣመልኪቶም።



ልዕሊ 9 ሽሕ ግዳያት ናይ'ቲ ማዕበላዊ ዋዒ፡ ኣብ ክሊ ዕድመ 65 ን ልዕሊኡን ዝርከቡ ምዃኖም፡ እቲ ብማእከል ምክልኻልን ምቁጽጻርን ሕማማት ኤውሮጳን ውድብ ጥዕና ዓለምን ዝድገፍ መርበብ 'ኢሮሞሞ' ዝተሓትመ መረዳእታ ይሕብር።

ብመሰረት ሓበሬታ ኢሮሞሞ፡ ፈረንሳን ቤልጁምን እተን ኣዝዩ ልዑል ቁጽሪ ሞት ዘመዝገባ ሃገራት እየን።

ምሒር ሙቐት፡ ከም ወቕዒ ሕማማት ልብን ስርዓተ ምስትንፋስን ዝኣመሰሉ ጥዕናዊ ጸገማት ከኸትል ከም ዝኽእል ዝገልጹ ጸብጻባት፡ ዕድመ ዝደፍኡ ሽማግለታት ድማ ዝያዳ ተቃላዕቲ ምዃኖም የረድኡ።

ተመራመርቲ ሰነ ፍልጠት፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ኣብ መወዳእታ ሰነ ዝተፈጥረ ዝተጋነነ ክሊማዊ ለውጢ ብንጥፈታት ደቂ ሰብ ኩብገስ ከም ዝኽኣለ ድሕሪ ምሕባር፡ እዚ ድማ ነቲ ዋዒ ተደጋጋምን ጽዑቐን ይገብሮ ከም ዘሎ ገሊጾም።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ማዕበላዊ ዋዒ፡ ኣብ ቀረብ ሓይሊ ኤሌክትሪክን ኣብያተ ትምህርቲን እተን ሃገራት ዓቢ ብድሆ ፈጢሩ ከም ዝርከብ እዩ ዝሕበር።

## ሕብረት ኤውሮጳ፡ ንኩባንያ ሜታ ኣጠንቂቓ




ንመድረኻት ማሕበራዊ መራኸቢታት ፈይስቡክን ኢንስታግራምን ዘመሓድር ኩባንያ 'ሜታ'፡ ነቲ ወልፊ ዘትሕዝ ኣሰራርሓ ማሕበራዊ መራኸቢታቱ እንተ ዘይቀዪሩዎ፡ ልዑል ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ክወርዶ ከም ዝኽእል ሕብረት ኤውሮጳ ኣጠንቂቓ።

ባይቶ ሕብረት ኤውሮጳ ዘካየዶ መርመራ ከም ዘመልክቶ፡ እቶም ማሕበራዊ መራኸቢታት መወዳእታ ዘይብሉ ተጠቃምነት ዘቕስብ ኣሰራርሓ እዩ ዘለዎም።

በዚ ድማ፡ እቶም መድረኻት፡ ተጠቀምቲ ካብ ቀጻጸር ወጻኢ ኣብ'ቲ ማሕበራዊ መራኸቢ ንኽጽንሑ ዝደፋፍኡ፡ ንድሌታቶም ማሰረት ዝገበሩ ትሕዝቶታት ብምቕራብ ተሓተትቲ ኮይኖም ኣለው።

ሜታ ርእይቶ ለውጢ እንተ ዘይገይሩ ድማ፡ ካብ ዓመታዊ መኽሰቡ 6 ሚእታዊት መቕጻዕቲ ከም ዝውሰደሉ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ኣጠንቂቓ ኣሎ።

ኣፈኛ ሜታ፡ ባይቶ ሕብረት ኤውሮጳ ብዙሖ መደምደምታ ከም ዘይሰማማዕ ንብበሲ ብምግላጽ፡ እቲ ውሳነ ኑቶም መንእሰያት ንምክልኻል ዝተወሰዱ ወሰንቲ ስጉምቲታት ናይ'ቲ ኩባንያ ኣብ ግምት ዘእተወ ከም ዘይኮነ ገለጸ።

እቲ ኣፈኛ ወሲኹ፡ ሜታ፡ ወለዲ ኣብ ናይ መንእሰያት ደቀም ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢታት ቀጻጸር ክገብሩ ዘኽእሉን ምሸት ድማ ነቲ ኣብ ስክሪን ዝጠፍእ ግዜ ብ15 ደቓይቕ ዝገደቡን ሜላታት ከም ዘለዎ ሞጒቱ።

"መንእሰያት ድሕነቶም ዝተሓለወን ብጸቡቕ ተመኩሮ ዝሓልፉን ክኾኑ ከም ዘለዎም ምስ ሕብረት ኤውሮጳ ንሰማማዕ ኢና። ሃናጺ ብዝኾነ መንገዲ ድማ ዘተ ክንቅጽል ኢና" ክብል እቲ ኣፈኛ ኣረዲኡ።

እቶም ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ንቖልዑን ኩሎም ቴታትን ብፍላይ ወልፊ ብምትሓዝ ክኸሰሱ ጸኒሖም እዮም።

## ታይላንድ - ብሓደጋ ባርዕ ብውሕዱ 27 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ባንግኮክ - ርእሰ ከተማ ታይላንድ ኣብ ዝርከብ ሓደ ቤት ማስተ ትማሊ ሰንበት ኣጋ ምሸት ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ፡ ብውሑዱ 27 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ 63 ካልኦት ድማ ከም ዝቖሰሉ ተሓቢሩ።

ክፍሊ ምሕደራ ሓደጋታት ናይ'ታ ሃገር ዝገበሮ መባእታዊ መርመራታት ከም ዝሕብሮ፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ ብወግዒ እኳ እንተ ዘይተፈለጠ፡ ኣብ መመጠኒ ኣየር ብዝተፈጥረ ኤሌክትሪካዊ ጸገም ዝተበገሰ ክኸውን ከም ዝኽእል ግን ግምታት ኣሎ።

ሰበ ስልጣን ናይ'ታ ሃገር፡ ቅድሚ ሕጂ ዘጋጠመ ሓደጋታት ሰዒቡ ደረጃታት ድሕነት ባርዕን ኤሌክትሪክን ንምምሕያሽ ተደጋገምቲ መብጽዓታት ክኣትዉ እኳ እንተ ጸንሑ፡ ዛጊት ብእወታ ዝጥቀስ ለውጢ ከም ዘይተገብረ እዩ ዝግለጽ።

ኣብ ታይላንድ፡ ከምዚ ዓይነት ፍጻመ ኪጋጥም እዚ ናይ መጀመርታ ከም ዘይኮነ ይፍለጥ።

ኣብ 2024፡ ኣብ ፍሉጥ ማእከል ዕዳጋ 'ቻቱቻክ' ብዘጋጠመ ናይ ኤሌክትሪክ ጸገማት ዝጠንሶ ባርዕ ልዕሊ ሓደ ሽሕ እንስሳታት ከም ዝሞቱ ናይ ሽዑ ጸብጻባት የመልክቱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፋሚሊ | 14/07/2026 | ጎደና 195፡6 ከባቢ ባሕቲ መስከረም፡ ኂ ቤት መግቢ ሊባኖስ | 110740 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565